
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.108 | ቀዳም 4 ጥሪ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ኣዛዚ ስግር ባሕሪ



ገጽ 5
ካብ ሓሳብ ናብ ተግባር



ገጽ 7
ትምህርቲ በዓል ዱኳን



ገጽ 11
ሃገራዊ ወድድርቲያ መሮር
ጸባሕ ክካየድ እዩ




## ህግደፍ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ኣብ ውጥን ስራሕ 2025 ዘትዩ

ቤት-ጽሕፈት ህግደፍ ዞባ ጋሽ-ባርካ ብ2 ጥሪ ኣብ ባረንቱ ኣብ ዘቃለየ ኣኼባ፡ ምስ መሓውራት ምምሕዳርን ካልኦት ኣካላት መንግስትን ተወሃሂዱ ኣብ 2024 ዝዘተግበሮ ንጥፈታት ብምግምጋም፡ ኣብ ውጥን ስራሕ 2025 ዘትዩ።

ጸሓፊ ህግደፍ ኣብ'ቲ ዞባ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ጃብራ፡ ኣብ 2024 ክሳብ ምምሕዳራት ከባቢን ዓድታትን ዝወርድ ኣወዳድባ ብምትእትታው፡ ህዝብን ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስትን ብጠዝጥዕም ኣገባብ ተወዲቡም ኣብ ምድንፋዕ ድሕነታውን ልምዓታውን መደባት እጃሞም ዘበርክቱሉ ባይታ ንምፍጣር ብዝተሰላሰለ ዕማም፡ ኣብ ቁጻርን ስፋሓትን ውዳቤታትን ዝተተግበሩ መደባትን ዕቤት ከምእተመዝገበ ኣብሪሁ።

ሓለፍቲ ውድባዊ፡ ፖለቲካውን ምምሕዳራውን ጉዳያት፡ ከምኡ'ውን ጸሓፍቲ ህግደፍ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ኣብ ዘቕረብዎ ጸብጻባት፡ ኣብ መብዝሕትኡ ከባቢታት ዘይምጥርናፍ ዓድታትን ሸግር መጉዓዝያን ኣሉታዊ ተጽዕኖኡ እንተነብረ፡ ሳላ ልዑል ወህደትን ጣቢያ።

ብዘይካ'ዚ፡ ህዝብን ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስትን ንስድራ ስውኣትን ጽጉማት ወገናትን ገንዘብውን ዓይነታውን ኣበርክቶ ከምዘገበሩ፣ ኣድማዒ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ከምእተተግበረ፣ ስልጠናታት በብደረጅኡ ከምእተዋህበ፣ ከምኡ'ውን ፖለቲካውን ውድባውን ንቕሓት ዘዕብዩ ሰፋሕቲ ሰሚናራትን ኣኼባታትን ከምእተኻየዱ ክጥቀስ ከሎ፡ ኣብ 2025





ሰኣሊ. ቀዳዊ ትወልደ

ብዝለዓለ ክስራሓሉም ምዃኑ ተገለጸ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ኣብ ዘሰመዖ ቃል፡ ኣብ ውድባውን ፖለቲካውን መዳያት ተመዝጊቡ ዘሎ ለውጢ፡ ንዝተኻየደ ጻዕሪ ዘጉልሕን ኣብ ቀጻሊ ብዝዕባ ዝትግበሩ ዝእምትን ከምዝኸኑ ብምጥቃስ፡ ብደረጃ ግንባር ዝወጹ መደባት ንምሕያል፡ ምስፋሕን ምድልዳልን ውዳቤታት ብዝለዓለ ክስራሓሉ ድሕሪ ምዝርርር፡ ኣብ ውዳቤታት ዝቐርብ ሕቶታት ብደረጃ ዞባን ንኡሳን ዞባታትን እዋናዊ ምላሽ ክወሃቦ ኣተሓሳሰበ።

## ደቡብ - ልዕሊ 2.6 ሚልዮን ናቕፋ ዝግመት ጠፊኡ ዝተረኽበ ንብረት ንፖሊስ ተረኪቡ

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ 2024 ጠፊኡን ወዲቑን ዝተረኽበ ልዕሊ 2.6 ሚልዮን ናቕፋ ዝግመት ገንዘብን ንብረትን፡ ንፖሊስ ተረኪቡ።



ኣብ ቤት-ጽሕፈት ፖሊስ ዞባ ደቡብ ሓላፊ ምክልኻል ገበን ካፒቴን መሓሪ ሙብራሃቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዝጠፍአ ገንዘብን ንብረትን ንፖሊስ ምርካብ ከም ባህሊ እናሰረጸ ምምጽኡ ብምግላጽ፡ ኣብ 2024 ኣስታት 186 ሽሕ ናቕፋ፡ 990 ዶላር፡ 450 ፓውንድን 120 ብርን ብጥረ ገንዘብ፣ 83 ግራም ወርቒን 43 ግራም ብሩርን፡ 333 ብሽክለታታት፡ ብቶትሪ እትሰርሕ ሓንቲ ሞቶ፡ ክዳውንቲ ዝሓዘ 36 ባልጃታት፡ ከምኡ'ውን 702 እንስሳታት ዘቤትን ዝተፈላለየ ሃለኽትን ከምእተረከበ ኣብሪሁ።

ኣቦ'ዚ ሰናይ ተግባር ዝሰተፉ ዜጋታት፡ ካብ ቁልዑ ክሳብ ሸማግለታት ከምዝኾኑ፣ ብፍላይ ካብ 13 ክሳብ 16 ዓመት ዝዕድመኦም እቶም ብቑጽሪ ዝበዝሑ ምዃኖም ብምንጻር፡ ብፖሊስን ማዕከናት ዜናን ዝካየድ ንቕሓትን ልዑል ተራ ከምዝለዎ ገሊጹ።

ፖሊስ ኤርትራ ብዘወጾኦ መምርሒ. መሰረት፡ ጠፊኡ ዝተረኽበ ገንዘብ ወይ ንብረት ዋናኡ ምስ ዝርከብ 10 ሚእታዊት ንረኻቢ ከምዝውሃብ፣ ኣብ'ቲ ዝተወሰነ ናይ ግዜ ገደብ ዋና ምስ ዘይርከብ ድማ ብሕጋዊ መገዲ ንረኻቢ ከምዝውሃብ ዝሓበረ ካፒቴን መሓሪ፡ ዝጠዘሉ ካብ ኣርከብቲ ኣቲ 10 ሚእታዊት'ውን ክወስዱ ፍቓደኛታት ዘይምዃኖም፡ መግለጺ ክቡር ባህሊ ሕብረተሰብና ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ካፒቴን መሓሪ ሙብራሃቱ፡ ኣብ መወዳእታ፡ ነዚ ሰናይ ተግባር ብምፍጻም ኣብ ምክልኻል ገበን ኣበርክቶ ንዝገብሩ ዘለዉ ዜጋታት ብምምጓስ፡ ካልኦት ኣሰርም ክስዕቡን ምስ ፖሊስ ክተሓባበሩን ተማሕጺኑ።

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ 12 ንኡሳን ዞባታት ዝተዘርግሓ 12 መደበራት ፖሊስ ኣለዋ።

## ምምሕዳር ከተማ ባጽዕ፡ ምእካብ ቀረጽን ግብሪን ብዕቱብ ክሰራሓሉ ጸዊዑ

ምንጪ. ኣታዊታት ንምስፋሕ፡ ምእካብ ቀረጽን ግብሪ ጥሪትን ብጥበእ ክሰራሓሉ፡ ምምሕዳር ከተማ ባጽዕ ብ31 ታሕሳስ ኣብ ዘቃለየ ኣኼባ ጸዊዑ።

ኣካያዲ ስራሕ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ተወልደ ተስፋዝጊ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣብ 2024 ብዝከበረ ህጡር ክራማት ከቢሳ እኽሊ ማይ ከውህለል ከምእተኻእለ፣ ብፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎ ዝካየድ ዘሎ መስርሕ ምዝርጋሕ መስመር ማይ ዶጎሊ-ባጽዕ ድማ ኣብ ደረጃ ምዛዝም ከምዝበጽሐ ብምብራህ፡ ኣብ ወሸጢ ከተማ መስመር ማይ ንምዝርጋሕ ዘድሊ መጸናዕቲ ተኻዪዱ ንትግበረ ድልው ከምዝሎ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዘቐደድዎ ዘተ፡ ጽሬት ከቢብን ምግራብን ክድፋኣሉ፣ ትካላት መዕደሊ ጋዝ ብቑጽሪ ክወሰኽ፣ ዝኣረጋ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ቁልሕታ ክወሃባ፣ ካብ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ዝወጽእ ድምጺ መቕረሊ ክግበረሉ ዝብሉን ካልእን ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።

ኣመሓዳሪ ከተማ ባጽዕ ኣቶ ሃይለ ኣስፍሃ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ምዕባይ ምንጪ. ኣታዊታት ከተማ፣ ምጽጋን ጽርግያን መዓርፎ ኣውቶብስን፣ ምስፋሕ መደበር ፈልሲ፣ ምሕያል ኣታዊታት ስፖርት፣ ምህናጽ ህዝባዊ ዓይኒ ምድርን ምግራብን፣ ካብ'ቶም ኣብ 2025 ዝትግበሩ መደባት ምዃኖም ገሊጹ።

## ዓዲ-ሓዲድ - ቀረብ ዝስተ ማይ ንምውሓስ ፕሮጀክት ይዋደድ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንሰይቲ - ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ሓዲድ ዘጋንፈ ጸገም ዝስተ ማይ ንምውሓስ፡ ብምትሕብባር ህዝብን ሰራዊትን ፕሮጀክት ይዋደድ ኣሎ።

እቲ ብክኢላታት ልምዓት ማይ ዞባ ደቡብ ዝተሃንደሰ ፕሮጀክት፡ ህዝቢ ዓዲ-ሓዲድን ዓዲ-ቀርሚን ብሓባር ብዘወሰድዎ ተበግሶ ይትግበር ከምዘሎ፡ ወከል ኤሪና ሓቢሩ።

ኣቦመንበር ኮሚተ ክልቲኡ ዓድታት ኣቶ ሃይሉ ተኽለማርያም ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ድሮ ዒላ ተኳዒታ ባኮ ከምእተሰርሐትን ዘድሊ ንብረት ድልው ከምዘሎን ብምጥቃስ፡ ኣብ ዓዲ-ሓዲድ 5፣ ኣብ ዓዲ-ቀርሚ ድማ 2 ንቑጣታት ምዕዳል ማይ ክሰራሓ መደብ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ነቶም ኣብ'ቲ ስራሕ ልዑል ኣበርክቶ ዝገብሩ ዘለዉ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ክፍሊ-ሰራዊት 19 ናይ ምስጋና እንግዶት ተገይሩ።

## ኣብ መዓልዲ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንምምላእ ይስራሕ ኣሎ

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ መዓልዲ - ንኡስ ዞባ ዓዲተከሌዛን፡ ጠለባት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምምላእ ይሰራሕ ኣሎ።

መሰረታዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ብምትሕብባር ኮምን መንግስትን በዘእዋሉ ይዋደድ ከምዘሎ ዝሓበረት ኣመሓዳሪት'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ወ/ሮ ኣምና እድሪስ፡ ብፍላይ ኣብ መዓይ ጥዕና ኣደን ዕሸልን ከምኡ'ውን ቀረብ ዝስተ ማይ ዝምልከት ኩሉ ተመዝጊቡ ከምዘሎ ገሊጻ።

ክሳብ ማእከላይ ደረጃ እተገልግል ቤት-ትምህርቲ ምህላዉ፡ ህጻናት ብቐረባ ትምህርቶም ክከታተሉ ክኢሎም ከምዘለዉ ብምጥቃስ፡ በዝሒ ምስ ዝወሰኽ ዘሎ ቁጽሪ ተመሃሮ ግን ተወሳኺ ክፍልታት ምህናጽ ከምዘድሊ ኣገንዚባ።

ሓንቲ ካብ 11 ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ዓዲተከሌዛን ዝኾነት ምምሕዳር ከባቢ መዓልዲ፡ ካብ ሓውሲ-ከተማ ዓዲተከሌዛን ሸሾኽ ምብራቕ 20 ኪሎሜተር ርሒቃ ትርከብ።

ዜና

## መንደፈራ - 'መውል' ዕዉት ንጥፈታት ከምዘሰላሰለ ገሊጹ

ንንኡሳን ዞባታት መንደፈራ፡ ደባርዋን ዓረዛን ዝሸፍን መደብ ወሃለላን ንኡስ ልቓሕን - 'መውል' ጨንፈር መንደፈራ፡ ኣብ 2024 ልዕሊ ዝበሮ ወጥን ዕዉት ንጥፈታት ከምዝተፈጸመ ገሊጹ።

ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ተስፋይ ከስተ ኣብ ዝሓለፈ ሓበሬታ፡ 14.9 ሚልዮን ናቕፋ ንምምዋል ክዕደል ውጥንኳ እንተነበረ፡ 16.9 ሚልዮን ናቕፋ ከምዝተዓደለ፣ 12.3 ሚልዮን ናቕፋ ልቓሕ ንምእካብ ዝበረ ውጥን'ውን ብ127 ሚእታዊት ዕዉት ከምዝርአየ ኣብሪሁ።

ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት፡ ንግዳዊ ንጥፈታትን ብመልክዕ ልቓሕ ንስራሕተኛታት መንግስቲ ዝተዋህበን ብጠቕላላ ልዕሊ 16.2 ሚልዮን ናቕፋ ምስ ዓማዊል ከምዝሃለወ፣ 60 ሚእታዊት ካብ ዓማዊል ደማ ደቂኣንስትዮ ምዃነን ዝገለጸ ኣቶ ተስፋይ፡ ካብ ዓማዊሉ - 1,667 ብጉጅለ፡ 241 ከኣ ብውልቂ ዝተጠቕሙ ከምዝኾኑ ኣፍሊጡ።

ካብ 2005 ኣትሒዙ ዓሚል 'መውል' ዝኾነት ወ/ሮ ኣስቴር ጎይትኦም፡ ዛጊት ብዘእዋሉ ኣሰታት 130 ሽሕ ናቕፋ ተለቂሓ ብዘካየደቶ ንጥፈታት መነባብሮኣ ክተመሓይሽ ከምኡ'ውን ደቃ ብግቡእ ክተዕብን ክተምህርን ከምዝኸኣለት ብምግላጽ፡ 'መውል' ኣብ ሂወት ዜጋታት ዘለዎ ግደ ቀሊል ከምዘይኮነ ኣብሪሃ።

ኣብ 1996 ዝተመስረተ 'መውል'፡ "ብሰንኪ ሕጽረት ገንዘብ ካብ ኣፍራይነት ዝተኸልከሉ ዜጋ ክህሉ" ብዝብል ዕላማ፡ ካብ ኣገልግሎት ጥኺ. ርሑቓን ዝርከብ ዓድታት ፋይናንሳዊ ኣገልግሎት ንኽረክብ ዝጠቕፍ መንግስታዊ ፋይናንሳዊ ትካል'ዩ።

## ከረን - ተመሃሮ ብጸወታ ቸስ ሰልጢኖም

ኣብ ከተማ ከረን፡ ካብ 16 ክሳብ 28 ታሕሳስ፡ ስልጠና ቸስ ንተመሃሮ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ተዋሂቡ።

ኣብ'ዚ ብቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ከረን ዝተወደበ መባእታዊ ስልጠና ቼስ፡ ካብ 8 ናይ ማእከላይ ደረጃን 4 ናይ 2ይ ደረጃን ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተዋጽኡ 151 ተመሃሮ ተሳቲፎም።

ዕላማ ናይ'ቲ ስልጠና፡ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ንዝካየድ ውድድራት ቼስ ንምምዕባል ከምዝኾነ ተገሊጹ።



## ጾሮና - ንጥሪት ጸረ ሕማማት ክታበት ተዋሂቡ

ጨንፈር ሕርሻ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ጾሮና ወፍሪ ክታበት ጸረ ፍርማይን ሕማም ዕቡድ ከልቢን ኣካዪዱ።

እቲ ኣብ 15 ምምሕዳራት ከባቢ ኣብ ዝቖማ 10 ነቑጣታት ዝተኻየደ ወፍሪ ክታበት፡ ሳላ ዕቱብ ምክትታልን ምውሃሃድ ወነንቲ ጥሪትን ሞያውያንን ኣብ'ቲ ዝተመደበሉ ግዜ ከምእተዛዘመ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ጥዕና እንስሳ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ሙብራሁቶም መዝገቦ ሓቢሩ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ሃብትሽ ተኽለብርሃን ብወገኑ፡ ኣብ መጓስ ዝተዋፈሩ ሓረስቶት ጥዕና ጥሪቶም ንምውሓስ ቀጻሊ ንዝውደብ መደባት ክታበት ብግቡእ ተኸታቲሎም ከኽትቡ ብምምኻር፡ ምንጩን ብቕዓቱን ዘይተረጋገጸ መድሃኒት እንስሳ ምጥቃም ኣሉታዊ ሳዕቤን ስለዘለዎ፡ ወነንቲ ጥሪት ክሕለቡ ኣዘኻኺሩ።

ጥሪቶም ሳላ ህጡር ክራማት ሉማዝበን ዝኣክል ቀሉብ ስለዝረኸበ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዘለዋ ዝጠቐሱ ወነንቲ ጥሪት ብወገኖም፡ ሳላ'ቲ ዝተኻየደ ወፍሪ ክታበት ካብ ስክፍታ ሕማማት ከምዝደሓኑ ገሊጾም።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሓበን ገብረኣምላኽ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.163471-07588045

ምልክታ

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


## መንሸብ - ኣገልግሎት ጥዕና ይመሓየሽ ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሸዕብ እትርከብ ማእከል ጥዕና መንሸብ፡ ዓቕሚ-ሰብን ንዋትን ብምጥንን ዓይነትን ስለዝተማልአት እትህቦ ኣገልግሎት ከምዝሰፍሐን ከምዝማዕበለን ተገሊጹ።

ሓላፊ ናይ'ታ መደበር ጥዕና ነርስ እድሪስ ሙሳ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣቐዲሙ ውሱንነት ዝበሮ ስርሖም፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣገልግሎት ጥንሲን ሕርሲን፡ ክታበት፡ ክንክን ቅድምን ድሕርን ሕርሲ፣ ከምኡ'ውን ምክልኻልን ፍወሳን ተመሓላለፍቲ ሕማማት ከምዝጠቓለል ገሊጹ።

ጥዕናዊ ንቕሓት ህዝቢ ንምብራኽ'ውን ስሩዕ ገጠራዊ ኣስተምህሮታትን ከምዘውህብ ዝጠቐሰ ነርስ እድሪስ፡ ብፍላይ ኣብ'ዚ ወርሓት'ዚ ኣራሰንቲ ሕማማት ብብዝሒ ስለዘኽስቱ፡ ጽዑቕ ገስጋሳትን ወፈራታት ጽርየትን ከምዝካየድ ኣፍሊጡ።

ሓላፊ ትካላት ጥዕና ንኡስ ዞባ ሸዕብ ነርስ ዜና ገብረድንግል ብወገኑ፡ ኣብ ምሕደግ ዝበለ ቦታታት ዝካየድ ባህላዊ ዕደናታት ጠንቂ ጥዕናዊ ጸገማት ብምዃኑ፡ ኣብ ትካላት ጥዕና ተጸዊዖ ደፊጥር ስለዘሎ፡ ዝምልከቶ ኣካል ስጉምቲ ክወስደሉ ተላቢዩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሸዕብ፡ ሓንቲ ማእከል ጥዕና ኣብ መንሸብ፡ ሓንቲ መደበር ጥዕና ኣብ ወቒሮ፡ ከምኡ'ውን ሰለስተ ነቑጣታት ጥዕና ኣብ ወግሪዖት፡ ወድ-ጋዉን ገደገድን ኣብ ንጡፍ ስራሕ ይርከባ።

## ማይ-ምነ - ባህላውን ስፖርታውን ንጥፈታት ኣብያተ-ትምህርቲ ንምድንፋዕ ይሰራሕ

ኣብ ንኡስ ዞባ ማይ-ምነ፡ ባህላውን ስፖርታውን ንጥፈታት ኣብያተ-ትምህርቲ ንምድንፋዕ ዝዓለመ መደባት ይካየድ ኣሎ።

እቲ ያታዊ ትልሂት፡ ድራማ፡ ስነ-ጽሑፍ፡ ግጥሚ፡ ሓፈሻዊ ፍልጠትን ውድድር ኣትሊቲክስን ዘጠቓልል መደባት፡ ተመሃሮ ኣኳ-ኺ ኣካዳምያዊ ትምህርቶም ስነ-ጥበባውን ኣካላውን ብቕዓቶም ከምዘዕቢ. ንምግባር ዝዓለመ ምዃኑ፡ ርእሰ-መምህር መባእታ ቤት-ትምህርቲ ማይ-ምነ መምህር የማነ ተስፋይ ሓቢሩ።

እቲ መደባት፡ ተመሃሮ ኣብ ንኡስ ዕድመኦም ዝነብሮም ንኽለልዩ'ውን ሓጊዙ ምዃኑ ዝገለጸ መምህር የማነ፡ ባህሎም ንኽፈልጡን ኣብ ስፖርት ዘለዎም ተገዳስነት ንኽዕብዩን እውን ብቐሊል ዘይጥመት ኣበርክቶ ከምዘለዎ ገሊጹ።

ሓላፊ ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ባህታ ወልዳይ ብወገኑ፡ ተመሃሮ ኣብ ስነ-ጥበብ፡ ባህልን ስፖርትን መሰረት ሒዞም ንኽዓብዩ ሓጊዚ ንጥፈት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ወገናት ኣመስጊኑ።

## ጎልጅ - ተራ ተመሃሮ ኣብ ምውጋድ ጎዳእቲ ልምድታት ክዓዝዝ ይጕስጐስ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ፡ ብሰንኪ ጎዳእቲ ልምድታት ኣብ ልዕሊ ደቂኣንስትዮ ዝስዕብ ጥዕናውን ስነ-ኣእምሮኣውን ሃሰያ ንምግታእ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ፡ ተመሃሮ ኣበርክቶኦም ክዕዝዙ መተሓሳሰቢ. ቀሪቡ።

ተጸዋዒ ቤት-ጽሕፈት ዕቑን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣቶ ተስፋኣለም የማነ ንተመሃሮ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ኣብ ዝሃቦ ኣስተምህሮ፡ ብሰንኪ ጎዳእቲ ልምድታት ብሓፈሻ፡ ክሽቦ ደቂኣንስትዮን መርዓ ትሕቲ ዕድመን ድማ ብፍላይ፡ ብዙሓት ተመሃሮ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ይስናኸሉን ጉዳይ ማሕበራዊ-ቁጠባዊ ጸገማት ይኸናን ከምዘለዋ ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ ቀንዲ ተዋሳእቲ ናይ'ቲ ንምውጋዶም ዝካየድ ጻዕሪ ክኾኑ ተማሕጺኑ።

ርእሰ-መምህር ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ጀብል ሓምድ - መምህር ረዘነ ሓጎስ ብወገኑ፡ መርዓ ትሕቲ ዕድመ ሓደ ካብ ዓበይቲ ጠንቅታት ምቍራጽን ምስንኻልን ካብ መኣዲ ትምህርቲ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ ንቕሓቶም ኣበሪኾም ነቲ ኣብ ልዕሊኦም ኣብ ልዕሊ ንኣሽቱ ኣሓቶምን ዝወርድ ሃሰያ ንምውጋድ፡ ቀላሲ ተራ ክጻወቱ ከምዝግባእ ኣገንዚቡ።

ተመሃሮ ብወገኖም፡ ዝተዋህበሎም ኣስተምህሮኣዊ ርክብ መረዳእታኦም ኣበሪኹም ኣብ ምክልኻል ጎዳእቲ ልምድታት እጃሞም ንኸበርክቱ ድርኺት ዝፈጥር ብምዃኑ፡ ክድፋኣሉ ኣዘኻኺሮም።

## ተሰነይ - ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ መደባት ጥሙር መኸተ ተመጒሱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ዝማሰነ ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ መደባት ጥሙር መኸተ ንምዕዛዝ ብዘለዓለ ከምዝስራሕ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ብ26 ታሕሳስ ምስ ወከልቲ ህዝቢ ኣብ ዝገበሮ ርክብ ገሊጹ።

እቶታውነት ሕርሻ ንምዕባይ፡ ሓረስቶት ኣብ ግዜኡ ግራውቶም ክሸቕሉን ክጀርሩን ዘዘኻኸረ ኣቶ ስዩም ጉብረያሱስ፡ ኣብ ከተማን ገጠርን ዜጋጥም ዘሎ ሓደጋታት ባርዕ ንምቍጽጻር፡ ኣመሓደርቲ ህዝቦም ብዕቱብ ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ኣካያዲ ስራሕ'ቲ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ተስፋዝጊ ዑቕባዝጊ ብወገኑ፡ ኣብ ትግባረ ልምዓታዊ መደባት ተራ ኮማዊ ውዳቤታት ብዘለዓለ ንምርግጋጽ፡ ምርጫ ኣመሓደርቲ ከቢብን ኣካየድቲ ስራሕን ኣካባቢንን ከምእተኻየደ፣ ሓደጋታት ውሕጅ ንምውጋድ'ውን ስጉምቲ ከምእተወሰደ ገሊጹ።

ሉምዘበን ብክረምታዊ ሕርሻ ብጠቕላላ 22,122 ሄክታር ከምእተሓርሰን 178,955 ኩንታል ከምዝእተወን፡ ብመስኖኣዊ ሕርሻ ካብ ዝለምዐ ደማ ልዕሊ. 76 ሽሕ ኩንታል ኣሕምልትን ልዕሊ. 18 ሽሕ ኩንታል ፍረታትን ከምእተሓፍሰን ክጥቀስ ከሎ፡ ልምዓት ጣፍ ዘተባብዕ ወጽኢት ከምእተረኽቦ በሪሁ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ገለ ከባቢታት ዝተራእየ ኣንበጣ ገረብ ብውሁድ ተሳትፎ ህዝቦም ሰራዊትን ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ከምዝኣተወ ተሓቢሩ።

ኣብ መውዳእታ ተሳተፍቲ፡ ሽግር ማይ መፍትሒ. ክናደየሉ፣ ኣብ ከተማታት ዝርከብ መእለዩ ጕሓፍ ቁጽሕታ ክግበረሉ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ግዜ ማሕረስ ትራክተራት ኣብ እዋኑ ክመጽኣ ዝብልን ካልእን ርእይቶታት

### ሉሚ ኣብ ERI–TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤሮቢክስ |
| 09:40 | ሃሎ ቈልዑ |
| 10:15 | መደብ ብምኽንያት ሓዲሽ ዓመት ሪም ጣንድ (1ይ ክፋል) |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ጨራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ. ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | ደክመንት |
| 17:30 | ሳይዳ |
| 18:30 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ረብዓት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክኢ.ንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

ሸባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ

## ሕቶ ሸባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቂምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሸባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ኑዛዜ ስግር ባሕሪ



ደዋሊ፤ ሄለው፡ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን?

ኣማኻሪ፤ እወ፡ ኣገልግሎ ምኽሪ ብተለፎን ደዊልኩም ኣለኹም መን ክብል? ዕድሜኻን ኣድራሻኻን ዶ ምሓብርካኒ?

ደዋሊ፤ ፍጹም እበሃል። ኣብ ሃገር ፊንላንድ ዝነብር፡ ወዲ 44 ዓመት ኤርትራዊ'የ።

ኣማኻሪ፤ መርሓባ፡ እንታይ ክንሕግዘ።

ደዋሊ፤ ቅድሚ 15 ዓመት ኣቢሉ፡ ናብ ስደት ቅድሚ ምምርሐይ፡ ንዝነበረኒ ሓዳርን መጻምደይን ንዝፈጸምክዎ በደል፡ ብመቕርበይን ፈተውተይን ከይተረፈ ዘተኻዓብኩሉ ጉዳይ'ዩ ክድውል ደሪኹኒ ዘሎ። ሃገር እንተ ቐየርኩ ዘይቅየር ተግባር ምፍጻመይ ናብ ደቂ ተባዕትዮን ብሰንኪ ኣፍልጦ ዝብደላ ብርሃን ገዛ ንዝኾና ደቂ ኣንስትዮን ሃገረይ፡ ካብዚ ገለ ቀሲሞም ኣብ ልዕሊኣን በደል ካብ ምፍጻም ክቑጠቡን ንዘይረገአ መንፈሰይ ብዓምድኹም ኣንፈሱ፡ ቅሳነት እንተ ወረደኒ ብምባል'የ ነቒለ።

ኣማኻሪ፤ ብኸመይ ደኣ ረኺብካያ እዛ ተለፎንና?

ደዋሊ፤ ደሃይ ሃገር ብመራኸቢ ብዙሓን ብሳተላይት ኣቢልና ብማሕበራዊ መራኸቢ ኸኣ ብሻባይት ዶት ኮም ስለ እንከታተል፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣይረሓቐትናን። ሕጂ ድማ ኣብ ውሽጠይ ተደጉሉ፡ ምስ ጉዕዞ ስደትን ከልበትበትን ክሃሰለይ ንዘይከኣለ በሰላ፡ ተምሳጠይ ገሊጸ፡ ብኣካል ተራኺበ ይቕረ ምባል ንዘይሰለጠኒ ዝሓሸት ኣማራጺ ኢለ ስለ ዝሓሰብክዎ'የ፡ ምሳኹም ክዕልልን ወሲነ።

ኣማኻሪ፤ ኣገልግሎትና ኣብ ህይወት ዘጋጥሙ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብዘይ ስክፍታ ዓማዊልና ብመስመር ተለፎን ጉዳያቶም ንኸተንፍሱ ዝተዳለወ'ዩ። ብተወሳኺ ሓፋሽ ክመሃረሉ ኣገዳሲ'ዩ ዝተባህለ ድማ ኣብዛ ዓምድና ብኣፍልጦ ዓማዊልና ይጽሓፍ። ፍጹም፡ ኣገልግሎትና ከምዚ ዝገለጽኩልካ ስለ ዝኾነ ሕጂ ምሳና ክተዕልለሉ ዝመረጽካሉ ጉዳይ እንታይ ምኻኑዶ መዕለለካኒ?

ደዋሊ፤ 'መምሃንሪ ኣይግበርካ መምሃርን ኣይኽላእካ' ከም ዝበሃል፡ ኣብ ዘለኹዎ ሃገር ንጓል ኣንስተይቲ ዝያዳ ክብሪ ዝወሃበሉን፡ ክጻወራስ ይትረፍ፡ ሰብኣይ ማዕረ እንስሳ ዘቤት እናተራእየ፡ ንሓዳር ግዲ ዘይብለን፡ ከም ሻሙ በብዝጥዕመካ እናኸድካ ዝምራሕ ናብራን ብኹል ባህሊ ኣብ ዘለወን ኤውሮጳ ኮይነ፡ በቲ ክቡር ኤርትራዊ ባህልን ስነ-ስርዓትን ተቐይደን ይዕበ ይንኣስ በደል እናተጻወራ፡ ሓዳረን ገዋ ኣቢለን ብወለደንን እምነትን ተማእኪለን ናብራኣን ዘካይዳ፡ ሞስኣን ንምንጋርን ይቕረ ንምባልን'ዩ መበገሲ ሓሳበይ።

ዓምድኹም ከኣ ጋዜጣ ብዝገንጸለ ዘይትስገር ዓምዲ ብምኳና ንመንእሰያት ኣተኩርኩም እተልዕልዎ ኣርእስታት፡ እትልግስዎ ኣማራጺ ሓሳባት ዘሕድሮ ጦብላሕታ፡ ኣካል ናይዚ ምኽሪ ኮይነ፡ ካባኹም ክቕበሎ ዝነበረኒ ሞያዊ ትሕዝቶ ዝሓዘለ ቍምነገር ብምዝንጋዕ ዘይኮነ፡ ብፍልይ ዝበለ መልክዑ፡ ባዕለይ ኣንቂለ፡ ውሽጠይ መሊኡ ካልእ ከይሓስብ ንዝሓዘኒ ዘርጊ፡ ብመንገድኹም ክጸሓፈለይ ስለ ዝደለኹ'የ፡ ከዕልለኩም ወሲነ። ዛንታይ ዝተማለአ መታን ክኸውን ንስኻ'ውን ዝመስለካ ክትሓተኒ ፍቓደኛ'የ።

ኣማኻሪ፤ ሕራይ፡ በል እስኪ፡ ናብቲ ዛንታ ንቐጽል?

ደዋሊ፤ ኣብ 2006 ብወግዒ፡ ብለምለም ዳስ ከበሮ ለጋስ፡ ብባህልን ልምድን ሃገረይ ተሰንየ፡ እንተ ዓወረት ከይጠልማ እንተ ሰንከልኩ ምርኩስ ኮይና ከተሳልየኒ፡ ብፍቕሪ ምስ ዝተላለኽዋ ጓል ቃል ኪዳን ኣሲረ። ይኹን'ምበር ጓልና ተወሊዳ ክልተ ዓመት ክሳብ እትመልእ፡ ጥጡሕ ሓዳር ነይሩና። ብዓልቲቤተይ ሕያወይትን ንስለይ ክትብል ኵሉ እትጻወርን ለዋህን'ያ ዝነበረት። ኣነ ግና ንግሆ ዝነበረ ጥዑይ ጠባየይ፡ ንምሸቱ ዘይድገም፡ ማይ ቀጠነ ኢለ ዝቓየቕን ተኾርፊፈ ዝውዕልን ሰብ ተቐይረ። ኣተዓባብያይ ኮራይን ብቐሊሉ ዘይጥበርን ኣቀባጢ.ሮምለይ ዘይሰድዕን ቄልዓ'የ ዝነበርኩ። ብእኡ ተደፋፊአ'የ ዝኸውን ኣብ ሳልሳይ ዓመት ሓዳርና፡ ንኣሽቱ ጉድለታት ዘይጻወር፡ ኵነታት ብዓልቲቤተይ ከይሓለኹ፡ ነገራት ኣነ ብዝበልክዎም ጥራይ ክኸዱለይ ዝደሊ ዓይነት ሰብ ተቐይረ። ጸጽቡቑ ቀቢረ፡ ከምዛ ኢደ እግራ ተሳሊመ ዘይተመርዓኽዋ፡ ደገ ምምሳይ ለመድኩ። ብሰሪ'ዚ ኣብ ልዕሊኣ ዝነበረኒ ፍቕሪ ከህስስን ንንግስተይ ዘቕሕር ተግባራት ምድጋምን ተታሓሒዘዮ።

ኣማኻሪ፤ እንታይ ተረኺበ ደኣ?

ደዋሊ፤ ጉደሎ እንተ ዝርከብ ደኣ ጽቡቕ እንድዩ። እንተኾነ ሓደ እዋን ካብ ዝቕመጠሉ ሓውሲ ከተማ፡ ናብ ካልእ ከባቢ ብስራሕ ምስ ቀየርኩ'ዩ እቲ ነገር ዝለዓል። ነታ ኣብ ገዛ ገዲፈያ ዝኸድኩ እምንቲ ብዓልቲቤተይ ረሲዐ፡ ዝጀመርክዎ ቀንጢብጢብ መደብ ስረሐይ ወዲአ ገዛ ኣብ ዝተመለስክሉ ከይተረፈ፡ መቐየሪ ጠባያተይ ኢለ ዝሓሰቦ ጉድለተይ እንተ ዘይኮይኑ፡ ብወገና ዘጉደለትለይ ኣይነበረን። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ ንሕርቃነይ ከተዘሓሕልን ህድኣት ክትምህረንን ሕጂ ኮይኑ ይረኣየኒ። ብድሕሪ'ዚ ኵነታተይ እናኸፈአ'ዩ ከይዱ። ምኽንያቱ፡ ንኣይ ይጥዓመኒ ዝብል ስሰዐ ኣንጊሰ። ንኣኣ ብኣካይዳይ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ወዲ ሰብ ይገብሮ'ዩ ዘይበሃል፡ ምስ ጓላ ብቑጠባ ዓጊተ ሃሰየያ። ከም ማሕላ ቃል ኪዳነይ፡ ኣብ ክንዲ ንዘጋጠመ ምስኣ ኮይነ ዝኣልዮ፡ ፈታዊ ነብሱ ኮንኩ። ካብዚ ዝገደደ፡ ካብ ዝፈጠርኩላ ጸቕጢ ንምግልጋል፡ ካባና ርሑቕ ናብ ዘይነበሩ፡ ስድራቤታ ክትበጽሕ ትኸደልካ'ሞ፡ ኣነ ከኣ 'ዝብኢ ምራኹት ሓሉ ምስ በልዎ፡ መፍቶይ' በለ፡ ብወገነይ ምስኣ ኮይነ ንዘይተቓደስክዎ መኣዲ፡ ገዛ ገዲፋ ምስ ከደት፡ ኣስቤዛ ቀሪበ ይሕጸን ነበርኩ። ሃንደበት መታን ከይትቕልቀል፡ ክትመጽእ እንክላ ኣቐዲማ ክትድውል የገድዳ ነበርኩ። ኣነ ክገብሮ ንዘይከኣልኩ፡ ሕማቕ ርእየን ስድራቤታ ንዘምጸኣላ ኣስቤዛ፡ ኣነ ኣብ ዝመርሖ ቤት ጣልቃ ኣይትእተዋኒ እናበልኩ ይበኣስ ምንባረይ እዩ።

ኣማኻሪ፤ ስለምንታይ ደኣ ሓገዝ ትጸልእ ነይርካ?

ደዋሊ፤ 'ባራያስ ሓጋዚኣ እንተ ርኣየት፡ መዲዳ ትሓብእ' ይብል ነይሩ ኣባሓጎይ። ጌጋታተይ ሰብ ክፈልጠለይ ስለ ዘይደለኹ። ብውሽጠይ ከኣ ብሓገዝ ስድራቤታ ዘይትፈልጦ ህይወት ከይትለምድ'ሞ፡ ኣባይ ዘለዋ ኣረኣእያ ኣሉታዊ ክኸውን ስለ ዝደለኹ'ዩ።

ኣማኻሪ፤ እሞ እንታይ ደኣ ትቕርበልካ ነይራ?

ደዋሊ፤ ቀንዲ ከብደይ ኣቁሲሉኒ ዝርከብ፡ የማነ ጸጋም ተጻፊዓ እትረኽቦ ቀረብ፡ ዘንቢል ምሉእ ኣስቤዛ ቀሪቡ፡ ተኸሺኑ ክጸንሖ ከም ዝጽበ ህርኩት ብዓል ሓዳር፡ ብዘይ ርሃጸይ ኩብደይ መሊአ ይሓድር ነይረ። ብፍላይ ሓደ እዋን፡ ኣውደኣመት ኮይኑ፡ ገለ ነገር ከይገበርኩ ይውዕለልካ'ሞ፡ ሓንቲ ኵነታትና እትፈልጥ፡ ዝለገሰትላ መኽፈቲ ኣፍ፡ ባርኾት እታ መዓልቲ ጌርና፡ ከም ሰበይ ኣውደኣመት ቀሚሰ ውዒለ።

ኣማኻሪ፤ ብድሕሪኡ ከመይ ቀጸለ ሓዳርኩም?

ደዋሊ፤ ዘይቅቡል ባህረይ ካብ ሓዳረይ ሓሊፉ፡ ንኣይ'ውን ክልብልበኒ ምስ ጀመረ፡ ኣብዚ ሕጂ ዝድውለልካ ዘለኹ ቦታ ኣጥበልቢለ ክኣቱ ክኢለ። ሓዳርና ኸኣ ደሃይ ምስ ኣጥፋእኩ ብፍትሕ ተዛዚሙ። ዋላ'ኳ ተጣዒሰ ሓዳረይ ክቕጽል ፈተነ እንተ ኣካየድኩ፡ ኣብ ጻዕዳ ልባ ቂም ጽሒፈ ዘፈንተርክዋ ንግስተይ ግና ክትሰማማዕ ስለ ዘይከኣለት ኵሉ ነገር ኣኺቲሙ።

ኣማኻሪ፤ ብኣካል ረኺብካያ ዲኻ?

ደዋሊ፤ ኣብ ዓዲ በጺሐ ነይረ። ንሳ ኣድራሻ ቀይራ፡ ጓላን ነብሳን እተነባብር ሰብ ኮይና ኣላ። ብኣካል ንምርካብ'ኳ ፍቓደኛ ብዘይ ምንባራ ኣይተኻእለን። እንተ ናይ ጓለይ ግና በዝማድ ተሓጊዘ ነዛ ዓይነይ ክርእያ ክኢለ። ኣነ ዝሓሰብክዎ፡ ንሓዋሩ ዋላ እንተ ተፈልየትኒ፡ ረኺበ ይቕረ ክብላን ሕጂ ኮይነዮ ዘለኹ ክትርደኣለይን ሓቀኛን ሓላይን ባህርያት ከም ዝነበራ ገሊጸ፡ ጾረይ ከራግፍ'ዩ ነይሩ ድላየይ። ግና ዝሓሰብክዎ ከይሰለጠኒ ምስ ተመለስኩ'የ ምሳኹም ብማዕበል ተራኺበ። ኣብ ልዕሊ እተን፡ ንብዓልቤተን ማዕረ ነብሰን ዘፍቅራ፡ ወተፍቲ ሓዳረን ዝኾና ወረጃታት ደቂ ኤረይ፡ ንብሉጽነተን ክምስክር ዝበቓዕኩ ሰብ ምኻነይ ዝገልጽ ዘለኹ።

ኣብዚ ዘለኽዎ ሃገር ንደቀንስትዮ ክትብድለንስ ይትረፍ፡ ጽንጽያ ዓይነን እንተ ኣንፈርካ፡ ዝወርደካ ገልታዕታዕን ኣደራዕን መሰል ግዚስካ ተባሂልካ ዝብየነካ ተሪር መቕጻዕቲ፣ ኣብ ዝፍረዶ ሃገር ኮይነ፡ ነተን ብፍላጥን ብዘይ ፍላጥን ዝብደላ፡ ደለይቲ ናብራ ዝኾና ኤርትራውያን፡ ይቕረይ ተቐበላ እብል።

መጸብጸቢ ንዘይረኸብኩሉ ስምዒት ንምዝዛም፤ ሓዳር ዓብላልን ተዓብላልን ዘይብሉ ተዋሃሂድካ እትምስርቶ ትካል እምበር፡ ሰሪሕካ ስለ ዝኣተኻ፡ ሞያኻ እናተዓባበኻ ኣብ ልዕሊ ደቀንስትዮ ኣዴታትናን ኣሕዋትናን ደቅናን፡ ልዕልነት እተርእየሉ ዘይምኻኑ፡ ብግብሪ ምሂሩ፡ ኑዛዘ ስግር ባሕሪ ከሕልፍ፣ ተኻኣኢለ ብዘይ ምንብባረይ፡ ንብሉጽ ህይወተይ ኣከላቢቱ፡ ዘውረደለይ ጉድኣት፡ ቃለይ ብሳላ'ዛ ዓምዲ ኣሕሊፈ፣ ሰብኣውነተይ ኣረጋጊጸ ሩፍታ ክወረኒ ብምድላይ፡ ንሓሳበይ ኣካፊለ ብዓቕመይ ንሒደት ካብቲ ክብርታት ሕብረተሰብ ኤርትራ ተጸዋዊርካ ክሳብ ግብኣተ-መሬትካ ዝኽየድ ሓዳር ወለድና፡ ክሳብ ክንደይ ንምዕቃቡ ዓቕሊ ስኢኑ ዝኸሰረ ግዜን ቦታን ንዝራእኽዎ ክነግር ምኽኣለይ፡ ንህዝቢ ኑዛዘይ ከተካፍለለይ እናተጸበኹ ንስለ ኵሉ ነገርካ የቐንየለይ!።

ኣማኻሪ፤ ሕራይ ፍጹም፡ ተገዲስካ ንዝነበረካ ምቁር ህይወት፡ ብሰንኪ ኣካይዳኻ ንዝኸሰርካዮ ናብራ፡ ግዜን ኤውሮጳን ምሂሩካ ንኻልኦት ኣብነት ክትከውንን ሓሳብ ኣንቂልካ፡ ብተግባራትካ ተጣዒስካ ጌጋኻ ምእማንካ፡ ተባዕ ስጉምቲ ምዃኑ እገልጸልካ። ብሒዝካዮ ዘለኻ መገዲ ከይተሓለልካ ክትረኽብ፡ ዘይጋገ ሰብ ከም ዘየለን፡ ጌጋኡ ኣወጊዱ፡ ንቕድሚት ዝጥምት ሰብ ኴንካ ከም ዘለኻ ብኣካል ክትሕብራን ንዝሰምበረ ልባ ክትክሕስን፡ ጓልኩም ብፍቕሪ መታን ከተዕብዩ፡ ድሉው ምህላውካ ብግብሪ ከተርእያ ንላበወካ።



# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ፊልማዊት መዓሾ

# ተወሰኽቲ መግቢ ኣውደኣመት




ክቡራት ኣንበብቲ ዓምዲ ፍረ ጻዕሪ፡ ቅንያተ ቅንያት ሓድሽ ዓመትን ልደትን እዩ። ንኹሉም ኣንበብቲ እዛ ዓምዲ ድማ ርሑስ ሓድሽ ዓመትን ልደትን ክኾነልኩም እናተመነና፡ ንሎሚ ኣብ ተወሰኽቲ መግብታት ኣውደኣመት ዘተኩረ፡ ንኣቕራቢት መደብ 'መኣዛ ፍረ-ጻዕሪ' ወ/ሮ ኣስመረት ዳምር ተወኪስና ዘዳለናዮ ዓምዲ ቀሪቡ ኣሎ። ከም ዝፍለጥ ኣብ ዝበዝሐ በዓላትና ብሕሩድ ወይ ስጋ ዝበዝሐ ዓይነታት መግቢ እዩ ዝበዓል። እዚ ከም ዘለዎ ኾይኑ፡ መኣዛዊ ትሕዝቶ ክንረኽበሎም እንኽእል ተወሰኽቲ ዓይነታት መግቢ ካብ ኣሕምልቲ፡ ፍረታታትን ካልኦትን ወሲኽና ከነዳልዎ ከሎና ድማ ይጽብቐልናን ጥዕናዊ ረብሓታት ንረክብን። መኣድና ኩሉ ሳዕ ብሓይሊ ጸዓትን ዋንኣረን (ካርቦሃይድሬትን ፕሮቲንን) ዝህቡና መግብታት፡ ሰብሒ ቪታሚናትን ማዕድናትን ሃብታም ከም ዝኾነ ከነረጋግጽ ይግባእ።

## ሰላጣ ብሮኮሊን ኩኩምበርን ምስ ሰን (sauce) ፉል



**ዘድልዩና ጥረ ነገራትን ዓቐንን**

- 3 ማእከላይ ግዝፊ ዘለዎ ኩኩምበር
- 300 ግራም ብሮኮሊ
- 4 ኮመደረ

**ንመስርሒ ሰን ፉል ዘድሊ ዓቐን**

- 4 ማንካ ተቐልዩ ዝተጣሕነ ፉል
- 3 ማንካ ጽማቕ ለሚን
- 2 ማንካ ጣውላ ዘይቲ ሰምሰም (ኣብ ቤትና ዘሎና ክንጥቀም ንኽእል)
- 1 ማንካ ሻሂ ጨው (ከም ኣድላይነቱ)

**ኣገባብ ኣሰራርሓ**

መጀመርታ ነቲ ብሮኮሊ ብሃፋ ኖብስሎ። ናይ ሃፋ መሳርሒ እንተዘይብልና ግን ኣብ ዝፈልሐ ማይ ቁሩብ ኣቐቶ ነእትወሉ'ሞ፡ ቀጺልና ብሮኮሊ ኣእቲና 3-5 ደቓይቕ ክበስል ተጸቢና፡ ካብቲ ማይ ዘቍቕና ነውጽኦ። ብምቕጻል ኩኩምበርን ኮመደረን ብሹቡብ ኣርቂቕና መቲርና፡ ምስቲ ዘብሰልናዮ ብሮኮሊ ኣብ ብያቲ ቕርጺ ወይ ፎርማ እናገበርና ንቕርቦ።

ሰን ናይ ፉል ድማ ኩሉ ዝቐረብናዮ ትሕዝቶ ብሓንሳብ ሓዋዊስና ቁሩብ ማይ እናእተና ንልዕጥጦ እሞ፡ ከይቀጠነ ብሓፊሱ ኣብቲ ዘዳለናዮ ሰላጣ ነፍስሶ። ሓዋዊስና ድማ ክንምገቦ ንኽእል።

## ሕብስቲ ቀይሕ ጣፍ

**ዘድልዩና ጥረ ነገራትን ዓቐንን**

- 3 ኩባያ ሓርጭ ቀይሕ ጣፍ
- 1 ብኬሪ ሻሂ ጥሑን ሽኮር
- 1 ማንካ ቤኪን ፓውደር
- 1 ማንካ ሕካኽ ለሚን ወይ ኣራንሺ
- 3 ሓባ እንቋቑሖ
- 1 ፍንጃል ዘይቲ
- 1 ኩባያ ጸባ

**ኣገባብ ኣሰራርሓ**

መጀመርታ እንቋቑሖ፡ ዘይቲ፡ ሽኮርን ሕካኽ ለሚንን ብሓንሳብ ክሳብ ዝፈኾስ ንወቕዖ። ድሕር'ዚ ሓርጭ ጣፍ፡ ቤኪን ፓውደርን ጸባ እናእተና ነሕብሮ። ምስ ተወሃሃደ ኣብ ዘይቲ ዝተቐብአ መሰንከቲ ገሊጢጥና ኣብ ፎርኖ ወይ ድማ ድስቲ መስርሒ ኬክ ነእትዎ። ድሕሪ 15 ደቓይቕ ኣውጺእና ምስ ዘሓለ ንምገቦ።



ተወሳኺ ብጣፍ ዝሰራሕ ኬክ ይኹን ብሽኮቲ ሓዊ ስለ ዘይጸውር፡ ምቕባል ክንቁጻጸሮ ኣለና።

## ሰላጣ ፍሩታታት (ማቸዶንያ)



**ዘድልዩና ጥረ ነገራትን ዓቐንን**

- 2 ማእከላይ ግዝፊ ዘሎዎ ኣራንሺ
- 4 ማእከላይ ግዝፊ ዘሎዎ ባናና
- ½ ኪሎ ፓፓዮ
- 1 ሓባ ለሚን
- ሽኮር ከም ኣድላይነቱ

**ኣገባብ ኣሰራርሓ**

ዘዳለናዮ ፍሩታታት ኣራንሺ፡ ባናናን ፓፓዮን ቀሪፍና፡ ብማእከላይ ዓቐን ዘለዎ ግዝፊ ንመትሮ። መቲርና ንኹሉ ኣብ ግፍሕ ዝበለ ዓሚቕ መትሓዚ ብሓንሳብ ንሓዋውሶ። ብምቕጻል፡ ለሚን ጸሚቕና ብላዕሊ ንገብረሉ። ሽኮር ከም ኣድላይነቱ ወይ ንውሰኸሉ ወይ ድማ ከም ዘለዎ ክንምገቦ ንኽእል።

## ብሽኮቲ ናይ ሰርናይ

**ዘድልዩና ጥረ ነገራትን ዓቐንን**



- 1 ኪሎ ሓርጭ ሰርናይ
- 4 እንቋቑሖ
- 1 ኩባያ ጸባ
- 1 ብኬሪ ዘይቲ (ዘለና ዓይነት ክንጥቀም ንኽእል)
- 1 ኩባያ ሽኮር
- 3 ማንካ ጣውላ ቤኪን ፓውደር
- 1 ማንካ ሻሂ ሕካኽ ለሚን

**ኣገባብ ኣሰራርሓ**

ሽኮርን እንቋቑሖን ብሓደ ሓዋዊስና ንወቕዖ። ቀጺልና፡ ዘይቲ ወሲኽና ደጊምና ንወቕዖ። ድሕር'ዚ፡ ሓርጭ ቤኪን ፓውደር፡ ሕካኽ ለሚን ብሓንሳብ ብምትሕውዋስ ናብቲ ክንወቕዖ ዝጸናሕና ሽኮር፡ እንቋቑሖን ዘይትን ብምእታው፡ ጸባ እናንጠብና ንለውሶ። ኩሉ ምስ ተወሃሃደ፡ ብሒቕና ኣብ ጣውላ ሰጢሕና ወይ (ብማሽን መስርሒ ብሽኮቲ እንተለና) ዝደለናዮ ቅርጺ እናውጻእና ኣብ ቀብኣት ዝተለኽየ መሰንከቲ ሰሪዕና ናብ ፎርኖ ነእትዎ። ን 20 ደቓይቕ ድሕሪ ምብሳሉ ኣውጺእና ንቕርቦ። ፎርኖ ኣብ ቤትና እንተዘይብልና፡ ኣብ ሞጎጎ'ውን ክስራሕ ይከኣል እዩ። ቀይሕ ምስ በለ ንግልብጦ እሞ፡ ጽቡቕ ጌሩ ምስ ደረቐ ድማ ኣውጺእና ንምገቦ።

## ሾርባ ዱባን ጸባን

**ዘድልዩና ጥረ ነገራትን ዓቐንን**



- 1 ኪሎ ዱባ ጸርዩ ብፍሩዱ ዝተመትረ
- 1/2 ሊትሮ ጸባ
- 150 ግራም/ ክልተ ሓባ ሽጉርቲ ንሃዊሕ ወይ ብፍሩዱ ዝተመትረ
- 150 ግራም/ 2 ሓባ ኮመደረ ብፍሩዱ ዝተመትረ
- 1 ማንካ ጣውላ ሽጉርቲ ጻዕዳ
- 1 ማንካ ጣውላ ፐርስሜሎ
- 2 ማንካ ጣውላ ዘይቲ ኣውሊዕ
- 1/2 ማንካ ጣውላ በርበረ ጸሊም
- 1/2 ማንካ ሻሂ ሀሩድ
- ጨው ከም ኣድላይነቱ

**ኣገባብ ኣሰራርሓ**

መጀመርታ፡ ዱባ፡ ሽጉርቲ፡ ኮመደረ፡ ጻዕዳ-ሽጉርትን ፐርስሜሎን ብሓንሳብ ሓዋዊስና ፍርቂ ሊትሮ ማይ ኣእቲና ነብስሎ። ምስ በሰለ፡ ጥሒንና በርበረ ጸሊም፡ ሀሩድን ጸባን ኣብ ርእሲኡ ኣእቲና ነሕብሮ። ሮቓ ኢሉ ኣጸቢቑ ምስ ተወሃሃደ ነውርዶ። ኣብ ናይ ሱፕ ወይ ሾርባ መመገቢ ገልቢጥና መመላኽዒ ፐርስሜሎ ብላዕሊ ኣእቲና ንምገቦ።

እዚ ዓቐን 6 ሰባት ክምግብ ይኽእል።

**ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!**

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 07182662/ 07505096 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ካብ ሓሳብ ናብ ተግባር

### ምሕሳብዶ ይቐልል ወይስ ምትግባር?

ዓቢ ሓሳብ ምሕሳብ ዘውቱር እዩ። ዝሓሰብካዮ ንምትግባር በዳሂ ካብ ምዃኑ ዝብገስ፡ ብዙሕ ሓሳብ ኣብ ትግባረ ከይበጽሐ ይቕህም እዩ። ዓቢ ሓሳብ ኣብ ትግባረ ምስ ዘውዕል ግን ‘ተኣምራታዊ ተርእዮ’ ተባሂሉ ልዑል ኣድህቦ ይወሃቦ። ‘ሓሳብ ዶ ትግባረ፡ ኣየናይ ይሕይል ወይ ይቐልል?’ ኢልና ክንካታዕ ንኽእል ኢና። እንተኾነ፡ ክልቲኡ ተፈላላዩ ክኸይድ ስለ ዘይክእል፡ ብሓደ ተሳንዩ ዝኸደሉ መገዲ ክንድህስስ የድሊ። ኣብ ቅንያት ሓድሽ ዓመት፡ ብርክት ዝበለ ዝሓሰብናዮ ሓሳብ ከም ዘሎ ርግጽ ኮይኑ፡ ሓሳብና ናብ ተግባር ንኽንቅይር ክንከዶ ዘለና ደረጃታት ክንዘርዝር፤

#### 1- ብቐዳመነት ክንትግብሮ እንደሊ ሓሳብ ምፍላይ

ኣብ 2025 ከነተግብሮ እንደሊ ብርክት ዝበለ ሓሳባት ይህልወና እዩ። ከነተግብሮ እንደሊ ኵሉ ሓሳባት ዘርዚርና ብንጹር ንጽሓፎ። ሓሳብ፡ ሓንሳእ ናብ ሓንጐልና በለጭ ምስ በለ፡ ዳግማይ ክመጽኣና ወይ ክንዝክሮ እንኽእለሉ ኣጋጣሚ ኣዝዩ ጸቢብ እዩ። ጽቡቕ ወይ ዓቢ ሓሳብ ብቑጽራ ስለ ዘይመጽእ፡ ኩሉ ግዜ ርሳስ፡ ቢሮን ወረቐትን እንተ ዘይፈለና ተመራጺ እዩ። ኣብ ሓደ ግዜ ብዙሕ ብርቂ ዝኾነ ሓሳብ ክመጽኣና ይኽእል እዩ። ኣብ ሓደ ግዜ፡ ብኣድህቦ ከነተግብሮ እንኽእል ግን ሓደ ሓሳብ ጥራይ እዩ። ስለዚ፡ በየናይ ሓሳብ ክንፍልም ኣለና ክንመሚ ወይ ክንሰርዕ የድሊ። ፈለማ ክትግበር ኣለዎ ኢልና እንፈላልዮ ሓሳብ፡ ብሃውሪ ዘይኮነ ብኣገዳስነት፡ ዘለና ሰብኣውን ፋይናንሳውን ክእለትን ካልእ ረቛሕን ብምምዛዛን ክኸውን ተመራጺ እዩ። ቀዳማይ እነተግብሮ ሓሳብ፡ ነቲ ዝቕጽል ጉዕዞ ከተባብዕ ወይ ተስፋ ከቑርጽ ሓይሊ ስለ ዘለዎ፡ ብዕቱብ ክንመርጽ የድሊ። ሓሳብና ዓቢ ምስ ዝኸውን፡ ኣብ ንኣሽቱ ደረጃታት መቓቒልና፡ ብቐዳምነት ክትግበር ዘድሊ ንጥፈት ንሰርዕ።

#### 2- መጽናዕቲ ምክያድ

ሓሳብ ዘይተጨባጠ ነገር እዩ። ነዚ ዘይተጨባጠ ረቂቕ ነገር ናብ ተጨባጢ ነገር ክንቅይር፡ ፈለማ ክንገብሮ ዘድሊ፡ ሓሳብና ብመልክዕ ተግባር ምትርጓም እዩ። ኣብዚ መስርሕ፡ ብዙሕ ሰብ ዘይክርድኣና ይኽእል እዩ። ሓሳብና ክንገልጽ ምስ ዘይንኽእል፡ ሓሳብና ክረድእ ወይ ክርኢ ዝኽእል ሞዴል ምቕራብ ይከኣል። ሓሳብና ንዓና ክርድኣና ጸገም የብሉን፣ ምኽንያቱ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ሓበሬታ ተኣኻኺቡ ኣብ ሓንጐልና ሓደ ቕጅለት ይፈጥረልና እዩ። እዚ ብቕጅለት ዝፍጠር ንጹር ዝመስል ሓሳብ፡ ሓንጐልና ዝፈጠሮ እዩ። ይኹን እምበር፡ ሓሳብና ንኻልኦት ዘይርድኦምን ዘይተግባራውን ክኸውን ይኽእል እዩ። ስለዚ፡ ሓሳብና ካብ ሓንጐልና ወጺኡ ተግባራውን ንኻልኦት ከኣ ንጹርን ክኸውን፡ ቀዲምና ክንምልሶ ዘለና ሕቶታት ኣሎ። ነዚ ሕቶታት ክንምልስ ከኣ እኹል መጽናዕቲ ከነካይድ የድሊ። መጽናዕቲ ከነካይድ ከለና፡ እቲ ንኻልኦት ዘይበርሃሎም ክፋል ናይ ሓሳብና፡ ከም መርሖ ክንወስዶ ንኽእል። ዝበዝሐ ግዜ፡ ሓሳብና ክርዳእ ዘይክእል ሰብ ምስ እንረክብ፡ ንጭነቕ ኢና። እንተኾነ፡ እቲ ሰብ ዘይርድኦ ዘሎ ክፋል፡ ሓሳብና ንጹር ካብ ዘይምዃኑ ዝብገስ ክኸውን ይኽእል’ዩ። ስለዚ፡ ምልስ ኢልና ሓሳብና ደኣ ንፈትሽ። እቲ ካልኣይን ቀንድን መርሖ፡ ሓሳብና ተግባራዊ ክኸውን ዝሕተት ሕቶ ኣብ ምምላስ ዝግበር መጽናዕቲ እዩ። ኣብዚ መስርሕ ተመኲሮ ዘለዎም ሰባት ምሕታት ኣይጽላእን። ጽሑፋትን ካልእ መወከሲታትን ክንውከስ’ውን ንኽእል።

#### 3- ውጥን ምውጻእ

ውጥን ከነውጽእ ከለና ፈለማ እነቐምጦ ነጥቢ፡ ‘እንታይ ክንገብር ደሊና ኣለና’ እዩ። ቀዲሙ ኣብ ክልተ ደረጃታት ተጠቒሱ ዘሎ ሓበሬታ፡ ኣብዚ ደረጃ ምስ በጻሕና ቅርጺ ከነትሕዞ የድሊ። ኣብ ውጥን ክካተት ዘድሊ ቀንዲ ረቛሒ፡ መቓን ግዜ እዩ። መዓስ ንጅምር? መዓስ ንውድእ? መዓስ ንግምግም? ኣብ ሓደ ሰሙን ክንዓሞ ዘድሊ ዕዮ እንታይ’ዩ? ወዘተ እናበልና፡ ነቲ ሓሳብና ናብ ተጨባጢ ውጽኢት ንምስግጋር ዝዘርዘርናዮ ንጥፈታት፡ ብግዜ ክንጠምሮ የድሊ። መደባትና ብምዝርዛር ናይ ትግባረ ግዜ ምስ ኣነጸርና፡ ሰዒቡ ዝመጽእ ረቛሒ ‘ኣገባብ ትግባረ’ እዩ። ኣብዚ ደረጃ፡ ንጥፈትና ካብ ዝፍልም ዝሓልፎ መስርሕ ብንጹር ስለ ዝትንተን፡ ብቐሊል ኣገባብ ናብ ትግባረ ክንሰጋገር ይሕግዝ። ዘድልየና ሰብኣውን ንዋታውን ወጻኢታት ብምንጻር፡ እኹል ቅድመ-ምድላው ክንገብር ከኣ የኽእል። ውጥን፡ ካብ ሓሳብ ናብ ትግባረ ዘሰጋግር እቲ ዝዓበየ ደረጃ ስለዝኾነ፡ ዕቱብ ስራሕ ይሓትት።

#### 4- ናብ ትግባር ምእታው

ሓሳብ ናብ ትግባረ ከይተሰጋገረ ንኽጠፍእ ልዑል ተራ ዘለዎ ድኽመት፡ ‘ግዜ ምብላዕ’ እዩ። ኣብ ሓሳብ ብዙሕ ግዜ ምጥፋእ፡ ኣብ መጽናዕቲ ብዙሕ ግዜ ምውሳድን ስራሕ ምስግጋርን ካብቲ ብብዝሒ ዝረአ ሓሳብ ዝቐትል ልምድታት እዩ። ሓሳብና ንምህብታም መጽናዕቲ ከነካይድ የድሊ እዩ፣ እንተኾነ ነዚ’ውን ገደብ ግዜ ክንገብረሉ ይግባእ። ኣብ ገለ ግዜ፡ ክንሓስብ ብዙሕ ግዜ ዝወሰደልና ዓቢ ሓሳብ፡ ካልኦት ቀዲሞም ነቲ ሓሳብ ኣብ ግብሪ ከውዕልዎ ይኽእሉ እዮም። ዓለም ከኣ ናይ ዝሓሳብ ዘይኮነት፡ ናይ ዝተግብር እያ። ውጽኢት’ውን ብተግባር እምበር ብሓሳብ ኣይልካዕን። ስለዚ፡ ውጥን ምስ ኣውጻእና፡ ብዘይ ወዓል-ሕደር ናብ ተግባር ንሰጋገር። ሓንሳእ ምስ ጀመርና ኸኣ ብዝከኣለና ዓቕሚ ከየቋረጽና ኣብ መፈጸምታ ክንበጽሕ የድሊ።

#### 5- ገምጋም ምክያድ

ገምጋም ምክያድ ኣካል ውጥንና ክኸውን ከም ዘለዎ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ኣስፊርናዮ ኣለና። ካብ ሓሳብ ናብ ተግባር ምስ ተሰጋገርና፡ ኣብ ንጥፈት እንክለናን ኣብ መወዳእታን፡ ስራሕና ክንግምግም የድሊ። እቲ ኣብ መስርሕ ትግባረ ዝግበር ገምጋምን ምክትታልን፡ ብመንጽር ውጥንና ንኸይድ ኣለና ዶ የለናን ክንግምግምን ስራሕና ከነመዓራርን ይጠቅም። እቲ ኣብ መፈጸምታ ስራሕና እንገብሮ ገምጋም ከኣ ኣብ ቀጻሊ ክንመሃሮ ዘድልየና ሓበሬታ ክህበና ይኽእል።

ካብ ሓሳብ ናብ ተግባር ክንሰጋገር ከለና፡ ኣብ ዘድልየሉ፡ ሓገዝ ምሕታት ኣገዳሲ እዩ። ሞያዊ፡ ማሕበራውን ፋይናንሳውን ሓገዛት፡ ጉዕዞና ኣብ ምቅላል ልዑል ተራ ኣለዎ። እንተኾነ፡ ኣብዚ መስርሕ ነቶም ሓገዝ እንሓቶም ሰባት ዘድልዮም ሓበሬታ ጥራይ ምክፋል የድሊ። ካብ ግርህና ዝተበገሰ፡ ዝበዛሕና፡ ኩሉ ሓሳብና ነካፍሎም ኢና። ውሑዳት ተበለጽቲ ኸኣ ግርህናና ተጠቒሞም ሓሳብና ክሰርቅዎ ይረኣዩ። ነዚ ኣብ ግምት ኣእቲና፡ እንምስርቶ ዝምድናታትን ውዕላትን ብጥንቃቐ ምሓዝ የድሊ።

ካብ ፈለማ ሓሳብ ክሳብ መፈጸምታ ትግባረ፡ ኣብ ዝበዛሕና ካብ ዝረአ ካልእ ድኻም፡ ናይቲ እንኸዶ መስርሕ ግቡእ ሰነዳትን ዕለታዊ መዝገብን ዘይምሓዝ እዩ። እዚ ድኽመት፡ ኣብ መስርሕ እንሓልፎ ተመኲሮ ደጊምና ንኸይንመሃሮን ከይንመልኮን ይድርት። ኣብ መስርሕ ትግባረ እንክለና ብዛዕባ ስራሕ እምበር ነቲ እንመሃሮ ኣይነስተብህለሉን ኢና። እንተ ተሰኒዱ ግን ስራሕና ዛዚምና ኣብ ዝተዛነላሉ ግዜ፡ ዝነበረና ድኹምን ሓያልን ጐድኒ በብሓደ ክንግምግም የኽእል። ኣብ መጻኢ ዝሓሸ ውጽኢት ዘለዎ ስራሕ ክንሰርሕ ከኣ ይሕግዝ።



## ህያብኻ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጽልውኡ

### ህያብ ምስ ተዋሃብና ኣምንታይ ኢና እንሕጐስ?

### ህያብ ምሃብ ዶ ህያብ ምቕባል ዝያዳ የሐጉስ?

ቅንያቱ ቅንያት ሓድሽ ዓመትን በዓል ልደትን እዩ። ኣብዚ ቅንያት ካብ ዝግበር ንጥፈታት ሓደ ኸኣ ምልውዋጥ ህያብ እዩ። ኣብ ባህልና ሓድሽ ዓመትን በዓላትን ኣመኽንዩኻ ዝግበር ምልውዋጥ ህያብ’ኳ ብዙሕ የለን። ኣብ መርዓ፡ ንግደት፡ መመረቕታ ሓድሽ ገዛ፡ ሕርስን ካልእን ኣጋጣሚታት ህያብ ምሃብ ግን ዘውቱር እዩ። ከምዚ ሕጂ፡ ከም ባህሊ ነተኣታትዎ ዘለና ናብ መገያየጺታት ዘድሃበ ህያባት’ውን ኣይኮነን። ኣብ ሕብረተሰብና ዝወሃብ ህያብ፡ እቲ ስድራ ወይ ውልቀ-ሰብ ዝጐድሎ ብምፍታሽ ዝግበር ናይ ምትሕግጋዝ ባህሊ እዩ። ሃብታም ይኹን ድኻ፡ ህያብ ክውሃብ ዝጸልእ የለን።

ንምንታይ ህያብ ንፈቱ? ብዘይካ እቲ ከም ሰብ ናይ ነጻ ንፈቱ ምኽንና ገዲፍካ፡ ‘ህያብ’ ዝብል ቃል እወታዊ ትርጉም ስለ ዘለዎ፡ ዝፈጥረልና እወታዊ ስምዒት ስለ ዘለዎ ክኸውን ይኽእል እዩ። ህያብ፡ መግለጺ ተገዳስነት፡ ፍቕርን ኣድህቦን እዩ። ስለዚ፡ ሓደ ሰብ ህያብ ክህበና ከሎ፡ ኣባና ዘለዎ እወታዊ ኣረኣእያ ስለዝገልጽ፡ ባህታ ክስመዓና ይድርኽ። ምስቲ ባህታ ክስምዓና ዝጽዕር ሰብ ከኣ ድልዱል ማሕበራዊ ዝምድና ክንፈጥር ዘሎ ተኽእሎ ልዑል እዩ። ሎሚ ዓመት ህያብ ንዝሃበና ሰብ፡ ብቐልጡፍ ህያብ ክንህቦ ንሓስብ፣ እንተ ሓመቕና ኸኣ ንዓመታ ኣብ ሓድሽ ዓመት ህያብ ኣዳሊናሉ ክንጸንሕ ንደሊ። በዚ መንጽር፡ ህያብ ምልውዋጥ ኣብ ማሕበራውን ፍቕራውን ዝምድናታት እወታዊ ጽልዋ ኣለዎ። ህያብ ምልውዋጥ ነብሰ-ክብሪ ከነማዕብል’ውን ይሕግዝ እዩ። ህያብ ዝህበና ዘሎ ሰብ፡ ‘ብዛዕባና ይሓስብ እዩ’ ኢልና ስለ እንሓስብ፡ ኣብ ገዛእ ርእስና ጽቡቕ ኣረኣእያ ከነሕድር ይሕግዝ።

ህያብ ክንህብ ወይ ክንቅበል ከለና ኣብ ሓንጐልና ጥዑም ስምዒት ዘቐስቅስ ከሚካላት (ዶፓሚን፡ ኦክሲቶሲንን ሰሮቶኒንን) ከም ዝነዝዕ ክኢላታት ስነ-መትኒ ይገልጹ። ኣብ መጽናዕታት ካብ ዝተረኽበ ውጽኢት፡ ካብ ህያብ ክንቅበል፡ ህያብ ክንህብ ከለና ዝስምዓና ጽቡቕ ስምዒት ከም ዝዛይድ ይሕብር።

ህያብ ምሃብ ቀሊል መስርሕ ኣይኮነን። ትርጉም ዘለዎ ዝጠቅም ህያብ ክንህብ እንተ ዄንና፡ ክንሓስበሉን ባጀት ከነውጽኣሉን ኣለና። እዚ ኸኣ ምስ ዓቕምና ዝኸይድ ክኸውን የድሊ። እዚ ሓጐስ ከምጽእ ይኽእል እዩ እንብሎ ናይ ምትሕግጋዝ ባህሊ፡ ብኣገባብ ምስ ዘይትግበር ኣደዳ ጭንቀት ክገበረና ይኽእል እዩ። ኵሉ ግዜ ህያብ ምሃብ’ውን ዘይተጸበናዮ ውጽኢት ከምጽእ ይኽእል እዩ። ህያብ እወታዊ ምትብባዕ እዩ። እቲ ህያብ እንህቦ ዘለና ሰብ፡ ትርጉም ህያብና ምስ ዘይርድኦ ግን ንኣሉታዊ ባህሪ ዘተባብዕ ክኸውን ይኽእል። ምልውዋጥ ህያብ፡ ብዘይ ምኽንያት ምስ ዝዝውተር ከም ንቡር ንጥፈት ክውሰድ ይኽእል። ስለዚ፡ ህያብ ምልውዋጥ እወታዊ ጽልዋ ከምጽእ ንዝግብኦ ጥራይ ምሃብ የድሊ። ንመን ህያብ የድሊ? እዚ ንነፍሲወከፍና ዝሕተት ሕቶ እዩ። “ነጻ ህያብ የለን!” ከም ዝብሃል፡ እንቕበሎ ህያብ ትርጉሙ ክንፈልጥ የድሊ። እወታዊ ጽልዋ ከሕድር ዝኽእል፡ እቲ ብንጹህ ሓሳብን ዜሮ ትጽቢታትን ዝግበር ምልውዋጥ ህያብ እዩ።



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ትምህርቲ ብዓል ድኳን ዛንታ

## ካልኣይ ክፋል

“ኣየ ኣቦይ ጉራሕ ዕስራ መሲልዋስ ሓምሳ ሂባትኒ። ሎሚ ተረኺባ ኣቦይ ጉራሕ...፣” ብምባል ነተን ገንዘብ ሰዓመን። ብታሕጓስ ንበይኑ እናተዛረበ ድማ ንገዝኡ ተበገሰ።

“ተሜ፣” ተደሃየ ሓደ ወዲ ገዛውቱ ብማዕዶ ከኽመስምስ ምስ ተዓዘቦ ናብኡ ገጹ እናቐረበ።

“ኣቤት ዳኒ ዓርከይ፣” ብሓጐስ ተመሊኡ ብርእሰ ተኣማንነት መለሰሉ።

“እንታይ ደኣ ንበይንኻ ትዛረብ ገለስ ረኺብካ ኣለኻ!” ሓተተ ዳኒኤል ነተን ኣብ ኢዱ ዝነበራ ገንዘብ እናጠመተ።


“ሰቕ ደኣ በል ዳኒ ዓርከይ። ሎሚ መሐንሸሺና ረኺብና ኣለና! ኣቦይ ጉራሕ ተጋግየ ዕስራ ክትህበኒ ዝግባእ ሓምሳ ሂባትኒ....፣” በለ ነተን ሒዝወን ዝነበረ ገንዘብ እናኣርኣዮ።

“ኣቦይ ጉራሕ ተጋግዮም!” ኣብ መንጎ ተገሪሙ ተዛረበ። “እንታይ ትብል ኣለኻ ኣቦይ ጉራሕስ ተጋግዮም! ኣዝዩ ደስ ዘብል ዘረባ'ዩ። ጽቡቕ እምበር ክንደይ ግዜ ደኣ...፣” ኢሉ ሓጎሱ ገለጸሉ። ክልቲኦም መሳቱ - ደቂ ዓሰርተ ሓደ ዓመት'ዮም።

“ኣብዚኣ ጽንሓኒ እሞ ክመጽኣካ'የ። ደሓር ብሓንሳብ ኴንና ክንሕንሽሽ ኢና። ...እ...ህ..ህ.. መጀመርታ ግን ከነሸርፈን ንዓናይ ናብ እንዳ ሓጎስ ድኳን፣ ግን ንዋላሓደ ሰብ ከይትነግር፣” ብምባል ኣጠንቀቖ ተመስገን ዕትብ ኢሉ።

“ብዛዕባ እዝስ ቀሰን ንዋላ ሓደ ሰብ ኣይነግርን እየ።” በለ ብርእሰ ተኣማንነት። ተተሓሒዞም ድማ፣ ናብታ ዝተበሃሃልዋ ድኳን ከዱ።

ዳኒኤል ናብ'ታ ድኳን ብምእታው፡ነታ ሓምሳ ናቕፋ ኣሸሪፉዋ ተመልሰ። ድሕሪ ምሽራፎም ናብ ገዛ እንዳ ተመስገን ኣምርሑ። ተመስገን ነዲኡ ነተን ዝግብኣኣ ማልስ ሂቡ፣ ነተን ኣቦይ ጉራሕ ዝተጋገዩወን ገንዘብ ኣብ ጅባኡ ቀርቂሩወን ናብ ዳኒኤል ተመልሰ። ብሓባር ኮይኖም ድማ፣ ክሕሽሽወን ጀመሩ። ዘይሓሰብዎ ዝረኸብዎ ገንዘብ ስለ ዝነበረ ብዙሕ ኣየሕመሞምን። ብሽኮቲ፣ ኮካ፣ ሌካ-ሌካ... ምሕንሻሽ ጀመሩ። ኣዝዮም ድማ ተሓጎሱ። እቶም ደቂ ገዛውቶም፣ በቲ ዝሕሽሽዎ ዝነበሩ ስለ ዝቐንኡ፣ ‘ንእሽቶ



ብሽኮቲ'ባ ኣጥዕሙኒ፣ ኮካ'ባ ኣስትዩኒ፣' እናበሉ ክልምንዎም እንከለዉ ክልቲኦም ብኸርዓት ተረፎም ይህብዎም ነበሩ። ነተን ገንዘብ ድማ ኣብ ዘይጠቅም ነገራት ኣጥፉኡወን።

* * *

ንጽባሒቱ ሰዓት ትሽዓተ ናይ ንግሆ'ዩ። ወይዘሮ ለምለም ኣደ ተመስገን ክዳውንቲ ክትሓጽብ ጥስቲ፣ ረሳሕ ክዳውንቲ፣ ማይ ቀራረበት። ኣሞ ስለ ዘይነበራ ድማ፣ ካብ ካንሸሎ ውጽእ ኢላ፣ “ተመስገን፣” ኢላ ተዳህየት።

ተመስገን ኣብቲ ካንሸሎ ወጻኢ ኮይኑ ምስ ኣዕሩኽቱ ኩዕሶ ይጻወት ነበረ። ድምጺ ኣዲኡ ስለ ዝፈልጣ ድማ፣ ካልኣይ ግዜ ክትድህ ኣይተጸበያን። “ኣቤት!” ብምባል ናብ ኣዲኡ ግልጽ በለ።

“ንዓ እንዳ ድኳን ክትልኣኽ፣” በለቶ ነቶም ኣብቲ ጎልጎል ዝጻወቱ ዝነበሩ ቈልዑ እናቋመተት። ኩሎም መጻውቲ ተመስገን ወዳ ብደሮና መርኣዩ ኣይነበሮምን።

“ክላእ! በሉ ተላኢኸ ክመጽእ፣” ኢሉ ናብ ኣዲኡ ጐየየ።

“ኣንታ እንታይ ኢኻ መሲልካ ዘለኻ ፋሕሮ? እዋይ ኣነ ተካል! ኣነ ክሓጽብ ንሰኹም ኩተርስሑ ክንረባረብ። ኣይ!” ኢላ ነቲ ብሓመድ መርኣዩ ዘይነበሮ ሰለፉ፣ ክዳኑ፣ ገጹን ርእሱን እናጠመተት ተዛረበት። ቀጺላ፣ “በል ኣብቲ ቦርሳይ ኣለካ ሰልዲ ሓንቲ ኣሞ ገዚእካለይ ምጻእ፣” ብምባል መልእኽታ ኣመሓላሊፈት፣ ናብ ውሽጢ ካንሸሎ እናኣተወት።

## ምርባሕ ብምድማር

| | ዓዲ ሚእቲ | ዓዲ ዓሰርተ | ዓዲ ሓደ |
|---|---|---|---|
| X | | 3<br>2 | 2<br>9 |
| | 1 | | |
| | | 1 | 8 |
| + | 2 | 7 | 0 |
| | | 4 | 0 |
| | 6 | 0 | 0 |
| | 9 | 2 | 8 |
| | 928 | | |

ፍቱዋት ተመሃሮ ምድማርን ምርባሕን ዘራኽብ መስርሕ ኣለዎ። ስለዚ ንምርባሕ ብምድማር ብኸመይ ከምዝስራሕ ሓንቲ ኣብነት ኣዳሊናልኩም ኣለና። ነዛ ኣብነት ምስ ተረዳእኩም ድማ ነዘን ተዋሂበን ዘለዋ ክልተ ሕቶታት ስርሑወን። ኣብ ትምህርትኹም ክሕግዘኩም ስለዝኽእል ብኸምዚ ኣገባብ ከተርብሑ ፈትኑ ንሎሚ 32x29 ክንሰርሕ ኢና።

| መጸበዩ ጋሻ | ‘ንሓደ፡ ክልተ፡ ኣሎኒ’ መጽሓፊ እንጥቀመሉ ቦታ |
|---|---|
| 9x2=18 | ን ‘1’ ኣብ ‘ዓዲ ዓሰርተ’ ጽሒፍና፡ ን ‘8’ ኣብ ‘ዓዲ ሓደ’ ንጽሕፍ። |
| 9x30=270 | ን ‘2’ ኣብ ዓዲ ‘ሚእቲ’፡ ‘7’ ኣብ ‘ዓዲ ዓሰርተ’፡ ን ‘0’ ኣብ ‘ዓዲ ሓደ’ ንጽሕፍ። |
| 2x20=40 | ን ‘4’ ኣብ ‘ዓዲ ዓሰርተ’፡ ን ‘0’ ኣብ ‘ዓዲ ሓደ’ ንጽሕፍ። |
| 20x30=600 | ን ‘6’ ኣብ ዓዲ ‘ሚእቲ’፡ ‘0’ ኣብ ‘ዓዲ ዓሰርተ’፡ ን ‘0’ ኣብ ‘ዓዲ ሓደ’ ንጽሕፍ። |
| 18+270+40+600=928 | |

ፍቱዋት ተማሃሮ ብኸምዚ ኣገባብ ዝደለናዮ ቁጽርታት ከነርብሕ ንኽእል ኢና። እዚ ድማ ብዓድታት ስለእንሰርሖ ቀልል ዝበለ ኣገባብ እዩ።

ሕቶ ቁ.1 56x76

| | ዓዲ ሚእቲ | ዓዲ ዓሰርተ | ዓዲ ሓደ |
|---|---|---|---|
| X | | | |
| | | | |
| | | | |
| + | | | |
| | | | |
| | | | |
| | | | |

ሕቶ ቁ.2 29x64


| | ዓዲ ሚእቲ | ዓዲ ዓሰርተ | ዓዲ ሓደ |
|---|---|---|---|
| X | | | |
| | | | |
| | | | |
| + | | | |
| | | | |
| | | | |
| | | | |

## ሓበሬታ ንተወዳደርቲ ስእልን ግጥምን

ዝተፈተኹም ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ብፍላይ ድማ ተሳተፍቲ ውድድር ስእልን ግጥምን፣ ናይ መዕጸዊ ጽምብል ንሰንበት ዕለት ‘05/01/2025’ ኣብ ‘ኣዳራሽ ኤርትሮ ጀርመን’ ክካየድ ስለዝኾነ፣ ኩልኹም ተወዳደርቲ ምስ ወለድኹም ሰዓት 3፡00 ድ.ቀትሪ ክትርከቡ ንሕብር። ርሑስ ሓድሽ ዓመት 2025!

ንዝያዳ ሓበሬታ 07190414 ክትውከሱ ትኽእሉ። ግዜ ይከበር!

## እተመሳቐለ ቃላት



### ንትኹል

2. ኣሕረቐ፣ ቅጭ ኣምጽአ፣ ኣቖጥዐ
3. ኣትክልቲ ዝኾኑ መግብታት
5. መርኣዩ ምስልና ዝኾነ ኣቕሓ
6. ተበላሸወ፣ ተጨፈላለቐ
9. ወዓየ፣ ሞቐ
10. ሃበ፣ ኣበርከተ
12. መጻብቦ፣ መንቀራቕሮ
14. ታህታህታ፣

### ንጋድም

1. ሓበረ፣ ተወሃሃደ
3. ብዙሕ ገንዘብ ኣጥፍአ
4. መዐቀኒ ፈሳሲ ዝኾነ ኣሃዱ
5. ተኸላኸለ፣ ሓለወ፣ ኣድሓነ
7. ትናበ፣ ትሕሎ
8. ፈለመ
10. ኣጥረየ፣ ዘሎዎ ኾነ
11. ኣንጻር ጸጋም
12. ካብ መሳርሒታት ሙዚቃ
13. ምሸት እንምገቦ
15. መጽረዩ ስኒ ዝኸውን

# ንእፍልጦ

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ሓቅታት ብዛዕባ ገመል



ገመል ብመርከብ ምድረበዳ እትጽዋዕ ኣብ ምምጃእ ናጽነት ኤርትራ ልዑል እጃም ዘበርከተ እንስሳ እያ። እዛ እንስሳ እዚኣ ንልዕሊ 3 ሽሕ ዓመታት ኣብ ምጉዕዓዝ ሰብን ንብረትን ከም ቀንዲ መሳለጥያ ኮይና ትጽዋዕ ምንባራ መዛግብቲ ይሕብሩ። ጥንታውያን ግዝኣታት ፋርስ፡ ግሪኽን ሮማን ከኣ ጸላእቶም ንምድምሳስ ንገመል ከም ቀንዲ መጓዓዝያ ይጥቀሙላ ምንባሮም ይንገር። ብዘይካ'ዚ፡ ገመል ኣብ ቀዳማይ ኩናት ዓለም ኣብ ምግዕዓዝ ሰብን ኣጽዋርን ተገልግል ከም ዝነበረት ይጥቀስ። ገለ ሓቅታት ብዛዕባ ገመል እንሆ፦

• ክልተ ዓሌት ገመል ኣለዋ። ንሳተን ከኣ ባክተርያዊት ገመልን ድሮመዳሪ ገመልን ይበሃላ። ባክተርያዊት ገመል ክልተ ዘመንጉዳኣ ናይ በረኻ ገመል እያ። እዛ እንስሳ ዝኾነት እንስሳ ክቡር ኣብ ዘይክእል ጸንከር ኩነታት ክትነብር ዘይጽግማ ብምዃና፡ ሓንቲ ካብ'ቶም ኣብ ገጽ መሬት ዝርከቡ ዝዓንተረት እንስሳ ከም ዝኾነት ይግለጽ። እዛ ገመል እዚኣ ኣብ ቻይናን ሞንጎልያን ኣብ ዝርከብ ሕዙእ ቦታታት ብውሑድ ቁጽሪ ትርከብ። ባክተርያዊት ገመል ካብ 3- ክሳብ 3.3 ሜትሮ ቁመት ክህልዋ ከሎ፡ ካብ 450 ክሳብ 500 ኪሎግራም ዝበጽሕ ክብደት ትውንን።

ድሮመዳሪ ገመል ከኣ ን90 ሚእታዊት ኣብ ገጽ ምድሪ ካብ ዝርከቡ ዓሌት ኣግማል ይሽፍን። እዚ ብዐዘሐ ኣብ ሃገርና ዝርከብ ገመል፡ ብጋላቢ ገመል ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ሓደ መንጉዳ ይውንን። ጋላቢ ገመል ካብ 2 ክሳብ 3.3 ሜትሮ ቁመት ክህልዋ ከሎ፡ ክብደቱ ከኣ ካብ 400 ክሳብ 600 ኪሎግራም ይበጽሕ።

• ጸባ ገመል ካብ ጸባ ናይ ካልኦት መጥበውቲ እንስሳታት ዝተፈልየ ኮይኑ፡ ምስ ናይ ሰብ ጸባ፡ ልዑል ምምስሳል ከም ዘለዎ ይንገር። ናይ ገመል ጸባ ምስ ጸባ ከብቲ ክወጻጸር ከሎ፡ ብ10 ዕጽፊ ዝልዕል ሓጺንን፡ ብ3 ዕጽፊ ዝዛይድ ቫይታሚን ሲን ይርከቦ። እዚ ኣብ መላእ ዓለም ልሙድ ዘኾነ ጸባ፡ ንኣማኢት ዓመታት ከም መድሃኒት ኮይኑ ከገልግል ጸኒሑ እዩ። ኣብ ካዘኪስታን፡ ጸባ ገመል ኣብ ምፍዋስ ሕማም ዓባይ ሰዓል ክውዕል ከሎ፡ ኣብ ገለ ሃገራት ኣፍሪቃ ዝርከቡ ዶክተር ከኣ፡ ንኤች.ኣይ.ቪ. ዘለዎም ወገናት፡ መኣዛ ምእንቲ ክረኽቡ፡ ጸባ ገመል ከም ዝሰትዩዎም ይንገር። ኣብ ሓደ ንሕማም ሽኮር ኣመልኪቱ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ድማ፡ ጸባ ገመል ንኣድላይነት ተደጋጋሚ ናይ ኢንሱሊን መውጋእቲ ንምውሓድ ሓጊዚ ከም ዝኾነ ተሓቢሩ እዩ።

• ገመል ብዘይካ ኣብ ምንቅስቓስ ሰብን ንብረትን፡ ኣብ ሃገረ ኬንያ ከም ተንቀሳቓሲት ቤት-ንባብ ተገልግል ምንባራ'ኸ ትፈልጡዶ? ዝበዝሐ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኬንያ ዝርከብ ሰበኽ ሳዕማዊ መሕበር ዝመርሕ ዝነበረ ህዝቢ፡ ከንብብ ወይ ክጽሕፍ ዝኽእል ኣይነበረን። ከም ወጽኢቱ ከኣ መሕበር እዚ ህዝቢ ካብ ዓንኬል ድኽነት ምውጻእ ሰኣነ። እዚ ዝተዓዘበ ሃገራዊ ኣገልግሎት ቤት-ንባብ ኬንያ፡ ኣብ 1996 ተንቀሳቓሲ ቤት-ንባብ ገመል ብምምስራት፡ ሰበኽ ሳዕማዊ መሕበር ንዘመርሖ ተመሃሮን ከንብብ ዘይክእል ሕብረተሰብን፡ ብርክት ዝበሉ ኣግማል ተጠቒሞም መጻሕፍቲ ብብዝሒ ከዘዋውሩ ጀሚሮም። ካብ ሰኑይ ክሳብ ሓሙስ፡ ሓንቲ ገመል 400 መጻሕፍቲ ተሰኪማ ካብን ናብን መጻሕፍቲ ትዝርግሕ። እዚ ብኣግማል ዝውሃብ ኣገልግሎት ቤት-ንባብ፡ ንተመሃሮ ግቡእ ዕድል ትምህርቲ ፈጢሩ መሕበሮኦም ንኽመሓየሹ ሓጊዙዎም እዩ።

• ኣብ ግዜ ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃ ዓስከሮም ዝነበሩ ጀርመናውያን መራሕቲ ታንክ፡ ፋንድያ ገመል ምርጋጽ ከም ምልክት ጸቡቕ ዕድል ይሓስብዎ ነይሮም። እዚ ብብዙሓት ታንከኛታት ሰርዓት ናዚ ዝኣመኑ ዝበረ ብሂል፡ ብጸላእቶም ስለዝተሰምዐ፡ እቶም መጻርርቶም ንፋንድያ ገመል ዝመስል ነተጉቲ ብምድላው፡ ንብርክት ዝበለ ታንክታት ከቃጽሉሉም ከኣሉ። ሰርዓት ናዚ ከኣ እዚ ሽርሒ ስለዘተገንዘበ፡ ካልኦት ተሽከርከርቲ ዓምጠቒንኦ ዝሓለፉ ፋንድያ እንተዘይኮይኑ ሓዲሽ ፋንድያ ካብ ምርጋጽ ተቖጠበ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ'ቲ ሽዑ ግዜ ብርክት ዝበሉ ወተሃደራት እቲ ሰርዓት፡ ብበርቱዕ ውጹኣት ተጠቒዮም ይሞቱ ነበሩ። ነርቲ እቲ ከበቢ፡ ንሓዲሽ ፋንድያ ገመል ከም መፀከ ተቐማጥ ክጥቀምሉ፡ እቶም ወተሃደራት ስለዝተዓዘቡ፡ ከም ሓደ ካብ ኣገባባት ፍወሳ ውጹኣት ኣተኣታተውዎ። ድሒሩ ብስነፍልጠተኛታት ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከኣ፡ ሓዲሽ ፋንድያ ገመል 'ባሲለስ ሱትላይዝ' ዝበሃል ንበርቱዕ ተቐማጥ ዘስዕቡ ጀርምታት ክቕትል ዝኽእል ባክተርያ ከም ዝሓዘ ተፈሊጡ።

ኣብ'ቲ እዋን እቲ ኣንጻር ሰርዓት ናዚ ትዋጋእ ዝነበረት ብሪጣንያ'ውን ንፋንድያ ገመል ከም ፈውሲ ዘይተቕበለ ከም መመሳሰሊ ኣጽዋራት ትጥቀመሉ ምንባራ ይንገር። ውግእ ኣብ ዘዐርፈሉ ግዜ ከኣ ወተሃደራታ ቦርሳ ሐዚም ደድሕሪ ኣግማል ይኸዱ ምንባሮም ይዝንቶ።

• ቲሉስ ካብ ዓሌት ድሮመዳሪን ባክትርያዊትን ገመል ዝዳቐለ ጨጓር ዓይነት ገመል እዩ። ቲሉስ ሓያል ኣትሌት ኮይኑ፡ ኣብ ጥንታዊ ቅልስ ኣግማል ከኣ ይሳተፍ። ናይ ኣግማል ግጥም፡ ኣብ ሳልሰይቲ ሰምበት ጥሪ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዓመት፡ ኣብ ቱርኪ ይካየድ። እቶም ናይ ቅልስ ኣግማል፡ ብዝተፈላለዩ ደሚቕ ዝሕብሮም ኣጌርቖቲ ማዕረንም ንግጥም ድሉዋት ይኾኑ። ሓደ ካብ'ቶም ዝቃለሱ ኣግማል፡ ኣብ መንጎ ጸወታ ምስ ዝህድም፡ ምስ ዝወድቕ ወይ ከኣ ምስ ዝዓዐር፡ ከም ዝተሳዕረ ይሕሰብ። እዞም ኣግማል ኣፍቶም ቅዲ ክህልዎም ከሎ፡ ምኽንያቱ ግን ውጉድ እዩ። ዝበዝሐ እዋን ብማዕረ ወጽኢት እዩ እቲ ግጥም ዝዛዘም። ዝሰዕር ምስ ዝርከብ ግን፡ ዋና እቲ ዝሰዐረ ገመል ኣዝዩ ጸቡቕ ምንጻፍ ይሰለም።

• ኣብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ፈስቲቫል ገመል ኣል-ደፍራ ዝጽዋዕ ዓመታዊ በዓል ይካየድ እዩ። ኣብ'ዚ ፈስቲቫል፡ ነጋውሰን መሻይኽን እቲ ዞባ ዝርከብዎም ኣሽሓት ተዓዘብቲ ይሳተፉ። ውድድር ጽባቐ ገመል ከኣ ሓደ ካብ'ቲ መሳጢ ክፋል እዚ ፈስቲቫል እዩ። ኣብ'ዚ ውድድር ልዕሊ 25 ሽሕ ኣግማል ንምርኢት ይቐርባ። ጅላዕ ከንፈር፡ ምዕሩግ መንጉዳ፡ ጸቡቕ ጭሕሚ፡ ሰሩዕ ኣእዛን፡ እኹል ርሕቀት ኣብ መንጎ ኣጻብዕ ተረር መሓውር፡ ሰፊሕ ወጅሂ፡ ዊሕ ክሳድን ጓሒ ርእስን ዘለዎም ኣግማል ተዓወትቲ ይኾና። ዋናታት እቶም ዝተዓወቱ ኣግማል መሻይን ክሽለሙ ከለዉ፡ ንኣግማሎም ከኣ ብሚልዮናት ዶላራት ክሸጥዎም ይኽእሉ።

## ግሉል መነባብሮ ዝመርሑ ደቀባት ዓለምና

ኣብ'ዚ ዓለም ናብ ሓንቲ ቁሸት ተቐይሩትሉ ዘላ ዘመን፡ ብርክት ዝበሉ ደቀባት፡ ካብ ካልእ ህዝቢ ዓለም ተነጺሎም ይነብሩ ኣለዉ። እዞም ደቀባት እዚኣቶም፡ ምስ ካብ ካልእ ቦታታት ዝመጹ ሰብ ንክይራኸቡ ሓያል ተቓውሞ የካይዱ። ኣብ ሓደ ጽብጽብ ከም ዝተመልከቶ፡ ኣብ ዓለም ልዕሊ 100 ዝበጽሑ፡ ምስ ካልእ ሕብረተ-ሰብ ዓለም ርክብ ዘይብሎም ደቀባት ኣለዉ። እዞም ደቀባት እዚኣቶም፡ ንመሬቶም፡ ባህሎምን ህይወቶምን ንምዕቃብ፡ ዝተነጸለ ህይወት ክመርሑ ከም ዝመረጹ ይግለጽ። ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት፡ ብርክት ዝበሉ ሰኣልቲ፡ ዳህሰስትን በጻሕትን ምስ'ዞም ደቀባት ክላለዩ ዋላ እንተፈተኑ፡ ገሊኦም ክቕተሉ ከለዉ ገሊኦም ከኣ ከይተዓወቱ ከም ዝተመልሱ ይሕበር። ንሎሚ ብዘለዎም ግሉል መሕበር ኣብ ቅድሚት ዝሰርዑ ደቀባት ክንላለዮም፦

### ያፎ

ደቀባት ያፎ ኣብ ፓፓው ኒው ጊኒ ዝርከቡ፡ ብሆድንን ምእካብ ፍሩታታትን ዝነብሩ ደቀባት እዮም። ብዛዕባ እዞም ብርክት ዝበለ ቁጽሪ ከም ዘለዎም ዝነገሩ ደቀባት፡ ብዙሕ ዝፍለጥ ሓበሬታ'ኳ እንተዘየለ፡ ሸክና ዝሰፍርዎም መጻርርቶም ከም ሽልማት ናይ ምዕቃብ ባህሊ ከም ዘለዎም እዩ ዝንገር። ኣብ ፓፓው ኒው ጊኒ ክሳብ 40 ዝበጽሑ ምስ ካልእ ሕብረተሰብ ዓለም ርክብ ዘይብሎም ደቀባት ይርከቡ።

### ካዋሃይቫ

ደቀባት ካዋሃይቫ በቶም ኣብ ጥቓኦም ዝነብሩ ካልኦት ደቀባት፡ ብቐይሕ ዝርእሶም ሓጺር ዝቖመቶም ሰባት ይፍለጡ። እዞም ደቀባት እዚኣቶም፡ ብሰንኪ ኣብ ጫካ ኣማዞን ዝካየድ ዘሎ ተደጋጋሚ ብርሰት ኣግራብ፡ ሰበኽ ሳዕማዊ መሕበር ክመርሑ ተገዲዶም ይርከቡ። ደቀባት ካዋሃይቫ ምስ ካልኦት ሰባት ሰላማዊ ርክብ ከካይዱ ስለዘይክእሉ፡ ብዛዕባ ኣነባብራኦም ብዙሕ ዝፍለጥ ሓበሬታ የለን። እዞም ደቀባት ብሆድንን ምእካብ መዓርን መሕበሮኦም ይመርሑ። ኣብ ቀረባ እዋን ዝተኻየደ ጽብጽብ ከም ዝተመልከቶ፡ ደቀባት ካዋሃይቫ ካብ 30 ዘይበዝሕ ቁጽሪ ኣባላት ኣለዎም።



## በርቕን ነጎዳን ብኸመይ ይፍጠር?

ካብ መሬት ዝሃፈፈ ጠሊ ዘለዎ ምዉቕ ኣየር፡ ኣብ ላዕሊ ምስ ዝርከብ ዝሑል ኣየር ምስ ተራኸበ ደበና ይፍጠር። ኣብ ውሽጢ'ቲ ደበና ድማ፡ እናተኸፋፈሉ ዝፍጠሩ በረድ ኣለዉ። እዚ ምክፍፋል'ዚ ኣብ ላዕለዋይ ደረጃ ናይቲ ደበና ኣወንታዊ ሓይሊ ጸዓት (positive charge) ኣብ ታሕተዋይ ክፋሉ ድማ ኣሉታዊ ሓይሊ ጸዓት (negative charge) ከም ዝፍጠር ይገብር።

ሓደ ካብቲ ሓይሊ ጸዓት፡ ሃንደበት ብሓያል ኤለክትሪካዊ ሓይሊ ካብ ደበና ተፈንጆ ምስ ካልእ ኣንጻራዊ ሓይሊ ጸዓት ኪጋጮ እንከሎ ድማ፡ በርቕን ነጎዳን ይኽሰት።



በርቂ ብሰንኪ'ቲ ሓያል ኤለክትሪካዊ ሓይሊ ናይቶም ክልተ ሓይሊ ጸዓት ዝፍጠር ብርሃንን ሙቐትን ክኸውን እንከሎ፡ ነጎዳ ድማ ብሰንኪ'ቲ ሓያል ግጭት ናይቶም ክልተ ኣንጻር ሓይሊ ጸዓት ዝፍጠር ድምጺ እዩ። መብዛሕትኡ እዋን በርቅን ነጎዳን ኣብ ሓደ እዋን ዝኸሰት ክኸውን፡ በርቂ ኢና ኣቐዲምና ንርኢ። እዚ ድማ ፍጥነት ብርሃን ካብ ፍጥነት ድምጺ ስለ ዝቕልጥፍ እዩ።

እቶም ኣብ ደበና ዝፍጠሩ ሓይሊ ጸዓት፡ ኣብ መሬት ምስ ዘሎ ይኹን ኣብ ኣየር ምስ ዝርከብ ኣንጻር ሓይሊ ጸዓት ምስ ዝጋጮ፡ ነፍሲ ወከፍ ሓይሊ ብዝለዓለ ዓቕን ክሳብ 30 ሽሕ ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ሙቐት ይፈጥሩ። ፍሕፍሕ ግጭት ነፍሲ ወከፍ ሓይሊ ዝፈጥሮ ነጎዳ ድማ ካብ ድምጺ ነታጒ ብዝተዓጻጸፈ ዝዛይድ ድምጺ ኣሎዎ።

ህዱእ ኩነታት ኣየር ምስ ዝህሉ፡ እቶም ክልተ ኣንጻራዊ ሓይሊ ኣብ ቦትኦም ስለ ዝህልዉ - 'ኒውትራል' ስለ ዝኾኑ - ነጎዳን በርቕን ክፍጠር ኣይክእልን። ማይ ኣብ ዝዘንበሉ፡ ብፍላይ ድማ ብርቱዕ ንፋስ ዘለዎ ምስ ዝኸውን፡ እቶም ኣንጻራዊ ሓይሊ ካብን ናብን ክንቀሳቐሱ ግድን ስለ ዝኸውን፡ ኪጋጨዉ'ውን ግድን እዩ። ነጎዳን በርቕን ክፍጠር ድማ ግድን ይኸውን።

መጽናዕትታት ከም ዝሕብሩዎ ኣብ መላእ ዓለም መዓልታዊ ኣስታት 40 ሽሕ ነኣሽቱን ዓበይትን ነጎዳን በርቓን ይኽሰቱ። በዚ ድማ መዓልታዊ ኣብ ሰብን ንብረትን ናይ ዘወርድ ጉድኣት ሓያል ምዃኑ ይንገር። ብፍላይ እቲ 30 ሽሕ ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ዝመንጩ በርቂ ኣግራብን ኣባይትን ብቐሊሉ ስለ ዘቃጽል ብዙሕ ጉድኣት እዩ ዘውርድ።

ካብቶም መዓልታዊ ዝኽሰቱ 40 ሽሕ በርቕን ነጎዳን እቶም 80 ሚእታዊት ኣብ ውሽጢ ደበና እዮም ዝፍጠሩ። እቲ ዝተረፈ ድማ ካብ ደበናታት ዝተፈነወ ኣሉታዊ ጸዓት ምስ ኣብ መሬት ዝርከብ ኣወንታዊ ጸዓት ብምግጫው እዩ ዝፍጠር።

በርቂ ተፈጥሮኣዊ ክስተት ብምዃኑ ዘተኣማምን መከላኸሊ የብሉን። ክልቲኡ ሓይሊ ብምግጫዉ ንዝፍጠር ሓይሊ በርቕን ነጎዳን ናብ ንብረት ንምቕያሩ ንውሱን ከቢ ካብ ሓደጋ ክከላኸል ዝኽእል መሳርሒ ኣብ በረኽቲ ቦታታት ይትከል እዩ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሰናይት ሃብተ ባይራይ፡ ኣዴና ጸገ ስምኦን ተስፉ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወራስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢኢያ ቁ.47 ይቕረብ።

ወ/ሮ ደሃብ ወልዱ ተስፋሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ወልደጋብር ሃይለ ጉብረትንሳኤ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢኢያ ቁ.47 ይቕረብ።

ብርኽቲ ተስፋይ፡ ሓወይ ቢንያም ተስፋይ ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ናይ ጥፉእ ወሳኒ ይወሃበኒ ስለዝበልኩ፣ ርእየ ወይ ሰሚዐ ዝብል ሰብ እንተሎ፡ ን18/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ወ/ሮ ዘውዲ ኣስፍሃ ፍስሃ፡ ኣዴና ህድኣት ፍትዊ ጉብረማስቀል ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይን 2 ደቂ መዋቲት ሓፍትናን ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋቢኢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኤልሳ ያቆብ ተምንዎ፡ ተኸሳሲ ኣቶ መንግስትኣብ ኣፈወርቂ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋቢኢያ ቁ.32 ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ፍለጥ።

ኣብ መንጎ ከሳሲ ሳሙኤል በየነ ሃብተማርያምን ወረ/በየነ ሃብተማርያም 1.ወ/ሮ ደርጋኣለም በየነ ሃብተማርያም +6 ዘሎ ናይ ምቅሊት ውርሲ ጉዳይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኤፍሬም በየነ ሃብተማርያም ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋቢኢያ ቁ.37 ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ፍለጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ከሳሲት ወ/ሮ ኣርያም ሃይለ ገዘሃይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሰለም ሰለሙን ማሩ ናይ ስም ምትሕልላፍ መኪና ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል 23/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢኢያ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ፍለጥ።

ፋይናል ብርሃነ ሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ግርማዊት ብርሃነ ሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢኢያ ይቕረብ።

ኣቶ የውሃንስ ጉብረማስቀል፡ ኣዴና ስላስ እልማ ግደይ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 21/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢኢያ ይቕረብ።

ሰዑዳይ ሳልሕ ምባል ተረፉ፡ ሳዕድያ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፡ ስም ኣደይ ድማ ኣሚና መሓመድ ሓምድ ምባል ተረፉ፡ ኣሚና መሓመድኑር ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢኢያ ይቕረብ።

ኣልማዝ ተስፋልደት ተኸለሃይማኖት፡ ኣደይ ሰበ ጳውሎስ ምሕጹን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢኢያ ይቕረብ።

ሊያ ሃይለ ገዘሀይ፡ ወለድና ሃይለ ገዘሀይን ኣበባ ኣብርሃን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 12 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢኢያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኣቶ ሰለሙን ሳህለ ጉብረእየሱስ፡ ኣቡኣጎይ ማና ሃብተጼን ንገሰ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይን 1ኣኮይን 11 ደቂ መወትቲ ኣሖታተይን ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢኢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ቅድስቲ ንዋይ፡ ወ/ሮ ለተኺዳን እስቲፋኖስ ነ/ሄር መኣዛ ሃይለ ዝበደሬትልና ወህበቶ ይጽደቐልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ገርግሽ ቀሺ ጉይትኦም፡ ሓፍተይ ኤልሳቤጥ ቀሺ ጉይትኦም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ዓዶኒ ለገሰ ተሰሞ፡ ወደይ ናትናኤል ግርማይ ተስፋጋብር ስለዝተሰውኣ፡ ኣነ ወራሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የሴፍ ኣማኑኤል ደሞዝ፡ ስም ኣደይ ሰዊት ወረደ ምባል ተረፉ፡ ሰዊት ወረደብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኣወጣሽ ልብሱ ተስፋይ ምባል ተረፉ፡ ሂወት ልብሱ ተስፉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ትዕበ ኣፈወርቂ፡ ወለድና ኣፈወርቂ ጉርጃ ተስፋጽዮንን መኣዛ ዓንደሚካኤል ሞቕእን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብፍ/ሰ/ማሳል ወረ/ፍ ማሀሌት በለሑ፡ ብወኪል ወ/ሮ ግደይ ወልደማርያም፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ብርሃነ ወልደማርያም ናይ ምንብባር ውርሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኣድሓነት ኀይትኦም ኪዳማርያም፡ ተኸሳሲ ኣቶ መሴ ማርቆስ ፍስሃጼን ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ፍለጥ።

ኣብ መንጎ ወረስቲ ፍ/ሄር ሃይለሚካኤል ኪዳነ ባህታ ዘሎ ናይ ውርሲ ክርክር፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ዛይድ ሃይለሚካኤል ኪዳነ ኣድራሻኺ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቢ።

እሰይ ዘራጽዮን ተስፋጋብር ምባል ተረፉ፡ መኽሰብ ዘራጽዮን ተስፋጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ምሕረት ብርሃነ ኣስበዶም ምባል ተረፉ፡ ራሄል ብርሃነ ኣስበዶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ብርህቲ ኣርኣያ፡ ብዓል ቤተይ ተስፋዝጊ ሃይለማርያም ኪዳነ ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 14 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጸገ ኣርኣያዶም፡ ብዓል ቤተይ ብላታ ወልደሚካኤል ማህደር ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ለተዝጊ ዓንደብርሃን፡ ተኸሳሲ ፍረዝጊ ወልደጉብርኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን31/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ።

ወ/ሮ ሰምሃር ንገሰ፡ ብዓል ቤተይ ምሉብርሃን ንገሰ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጾሮና

ወ/ሮ ተኽኣ ካሕሳይ፡ ብዓል ቤተይ መለስ ምስገኑ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወለላ ተኽለይ ምባል ተረፉ፡ ወለላ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳምራዊት ጸጋየ በየነ፡ ኣቦይ ጸጋየ በየነ ስለዝተሰውአ፡ ኣደይ ሂወት ነጋሽ ስለዝዓረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቶም ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጣዕምየ ሓድጉምበስ ብርሃነ ምባል ተረፉ፡ ጥዑምዝጊ ሓድጉምበስ ብርሃነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ኣቶ ተኽለማርያም ጉብረንገስ ማዘሎ፡ ሓፍተይ ሃይማኖት ጉብረንገስ ማዘሎ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ ነ/ሄር ኣንገሶም ጉብረንገስ ማዘሎ ጥራይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጃዕፈር መሳ ኢብራሂም ምባል ተረፉ፡ ጃዕፈር መሳ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

መሓመድ ዓሊ ኢብራሂም ምባል ተረፉ፡ መሓመድዓሊ ኢብራሂም ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቀሺ መሓሪ ኣብርሃ ጉብረማስቀል፡ ኣቦና ኣብርሃ ጉብረማስቀል ባይረን ኣዴና ለተብርሃን ኪዳነ ማሩን ስለዝዓረፉ፡ ንሕና 5 ደቆም ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ወ/ሮ የርዳኖስ ክፍለ ሃደሉ፡ ኣዴና ዛይድ በራኺ መብራህቱ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣመልካቲት ወ/ሮ ኣስካለማርያም ጉብርሂወት መብራህቱ ምስ ሽዱሽተ (6) ኣሕዋተይ ኣድራሻይ ኣስመራ ብስም ኣቦይ ነፍ/ ጉብርሂወት መብራህቱ ብናይ ቅድም ኣጸዋውዓ ኣብ ኣስመራ ዞባ 3 ምምሕዳር 04 ፕሎት 84 ፓርሰል A ቁ. ምስክር ወረቐት 111289 ኣብ ካዳስተር ቁ. መዝገብ ንብረት 248885=35350 ስፍሓት 907.20 ት/ሜ ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛ ናብ ስም ወረስቲ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ሐዚ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ወይ ፓብሊክ ኖታሪን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘየለ ግና ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪብ ጉዳየይ ክፍጸም ምኳነይ እሕብር።

ወ/ሮ ኣስካለማርያም ጉብርሂወት መብራህቱ

---

ኣነ ኣልማዝ ኣብርሃ ደስታ ምስ ክልተ ኣሕዋተይ ዝተመዝገበ ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ዓዲ ሸማግለ ቁ. ገዛ 9፡ ፕሎት 8፡ ዚፕ ኮድ 1A118፡ ፓርሰል G ዝርከብ፡ ብመለለዪ ቁጽሪ 1፡012059/1 ዝፍለጥ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ኑቲ ብጽሒተይ ብወሃብቶ ንጓል ሓፍተይ ምስጋና ጌታቸው ሞገስ ስለዝሃብኩዋ'ሞ ካብ ስመይ ናብ ስማ ከመሓላለፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ተባሂልሉ እንተኾይኑ ውሳኔ ሐዚ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ፓብሊክ ካዳስተርን ዞባ ማእከል የቕርብ።

ኣልማዝ ኣብርሃ ደስታ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ 4+ ኣስመራ ዚፕ 1A134 ፕሎት 147 ፓርሰል 1Z ጎደና ሳልምባ ስፍሓት መሬት 400 ት.ሜ ዝተደኮነ ገዛ ብስም ነ/ር ዑቕባዝጊ ዑቕቡ ጉብረሚካኤል ዝተመዝገበ፡ ብውርሲ ናብ ወ/ሮ ምላሹ ዑቕባዝጊ ወ/ት ኣኸበረት ዑቕባዝጊ ናብ ስምና ከሰጋግር ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሐዚ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊ. ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለና ሰነዳት ጉዳይና ከነውድእ ምኳንና ንሕብር።

ወ/ሮ ምላሹ ዑቕባዝጊ

---

ኣብርሃ ተኽለ ባህታ ዝተበሃልኩ፡ ብስመይ ዝተመዝገበ ምስክር ወረቐት ምርሓት መሬት ጤሳ፡ ኣድራሻኡ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ጋሕቴላይ ቁ.ፓርሰል A ዞን 2 ስፍሓት መሬት 540 ት/ሜ ዝኾነ ስለ ዝጠፍኣኒ፣ ረኺቡዎ ኣለኹ ወይ'ውን ብዕዳ ሓዚዎ ኣለኹ ዝብል እንተሎ፡ብቁ ቴሌ 07133546 ወይ 07284841 ክረክበኒ። እንተዘየሉ፡ መተካእታ ክወሃበኒ ክሓትት ምኳነይ እሕብር።

ኣቶ ኣብርሃ ተኽለ ባህታ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ቲራቮሎ ጎደና ላብ ሰላም ቁ.ገዛ 19 ብቁ/ምስክር ወረቐት 111578 መወከሲ. ቁ.103513 ቁ.መዝገብ ንብረት 41507-63272 ብስም ነ/ሄራት ኑር ኣሕመድ ዐብይድ ባሕበሽ ዝተመዝገበ፡ ከፊል ብውርሲ ዝረኸብናዮ ናብ ስምና ከሰጋግር ስለዝኾንና፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኳይኑ ውሳኔ ሐዚ ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስትራልን ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለና ዶክመንት ጉዳይና ከነውድእ ምኳንና ንሕብር።

ሳልሕ ሓሰን ከክያ +2

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ብፍ/በ/ማሰል ቀሲ. ብርሃ ተኽሉ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ሳልሕ መሓመድዓሊ. ሳልሕ፡ ኣብ መንጎ ብፍ/በ/ዕዳን ብፍ/በ/ማሰል/ ዘሎ ናይ ፈጻሚ ክርክር፡ ብፍ/በ/ዕዳ ንጹር ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ኣቶ መሓሪ ጎይትኦም፡ ኣደይ ለተብርሃን ተስፋሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ. ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ናጽነት ተስፋጋብር እምባጽዮን፡ ኣደይ ታቦቱ ኤልያስ ሓይለም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ምላሹ ተኽለገርግሽ ደባሱ፡ ብዓል ቤተይ የማነ ዓንደሚካኤል ወልዱ ስለዝዓረፈ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ቴድሮስ ተስፋይ ጉብረየውሃንስ፡ ወለደይ ተስፋይ ገ/የውሃንስን ሂወት ዑቕባሚካኤልን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ. ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ስብሃቱ ዑቕባሚካኤል ክፍለማርያም፡ ብዓልቲ ቤተይ ብርኽቲ ተስፋሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ብፍ/በ/ማሰል ኣቶ በርሀ ተኽለማርያም ጉብረስላሴ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ኣብርሃም ሃብተገርገሽ ጉብረማስቀል፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ. ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ወ/ሮ ርግበ ጉብረመድህን ጎደር፡ ሓፍተይ ሂወት ጉብረመድህን ጎደር ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ምስጋና ሃይለ ጉብረስላሴ፡ ስም ኣደይ ጉኑት ተስፋሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ጉኑት ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

የርዳኖስ ደስሃቕ ጉብረመድህን፡ ኣቦይ ደስሃቕ ጉብረመድህን ሃይለ ስለዝተሰወኡ፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ውዳሰ ወልደሚካኤል ኣብርሃ፡ ብዓል ቤተይ ዳኒኤል እዮኣስ ክፍሉ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቕና ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ሰንበቱ የማነ ጉብረ ምባል ተሪፉ ጅራ የማነ ጉብረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት መርሃዊት ጉብረትንሳኤ፡ ተኸሳሲ. ክብሮም ተስፋይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

የውሃንስ ኣርኣያ ኪዳነ ምባል ተሪፉ ገዘኢ. ኣርኣያ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ግደይ ጉብረሚካኤል ጉብረስላሴ፡ ኣቦና ጉብረሚካኤል ጉብረስላሴ ደስታ ስለዝተሰወኡ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ኣለም ፈረደ ፈቶው ምባል ተሪፉ፡ ኣለም ፈረደ በተው ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ከሳሲት ወ/ሮ ውላዘት ጾማ ማሃደር፡ ተኸሳሲ. ኣቶ ኣስመላሽ ጺጋይ ጎይትኦም፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ቀሺ. መሴ ረዳ ዛይድ ይትባረክ ባይሩ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

መሓመድ ያሕያ ዑመር ዓሊ. ምባል ተሪፉ፡ መሓመድያሕያ ዑመር ዓሊ. ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ጀማል መሓመድኑር ማሕሙድ ምባል ተሪፉ፡ ዓብዶልከሪም መሓመድኑር ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣሳውር ዓብደላ መሓመድዓሊ፡ ኣንዋር ዓብደላ መሓመድዓሊ፡ ምባል ተሪፉ፡ ማሕሙድ ዓብደላ መሓመድዓሊ. ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ወ/ሮ መድህኑ ተኽለ ዑቕባሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ኣድሓኖም ወልደኣብ ንጉሰ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ወ/ሮ ኣምና ሓምድ መሓመድ፡ ብዓል ቤተይ ኢብራሂም ሓጅ እድሪስ ስለዝዓረፈ፡ እቲ ብሰም ወድና ያሲን ኢብራሂም ሓጅ ናይ ስወእ ደበስ ብሰም ብዓል ቤተይ ዝወሰድ ዝበረ፡ ኣነ ሓንቲ ኣዲኡ ወራሲት ናይ ብዓል ቤተይን ስወእ ወደይን ስለዝኾንኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 31/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ወ/ሮ ኣና ኣብሃ ማስ፡ ወደይ እድሪስ መሳ ዒሳ ስለዝተሰወአ፡ ወላድ ይኹን ሓዳር ስለዘይብሉ ኣቡኡ'ውን መዋቲ ስለዝኾነ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ፎርቶ ሳዋ

ዓሻ ወሃጅ፡ ስም ስውእ ብዓል ቤተይ ኣኑር ኣብፋጥማ መሓመድ ሕመድ ምባል ተሪፉ፡ ኣኑር ኣደም ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ሆራ ኣበ፡ ጓለይ ሰላም ሆራ ስለዝተሰወአት፡ ሓዳር ይኹን ወላድ ስለዘይብላ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ. ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣበበ ኪዳነ ሃብተገርግሽ፡ ብዓል ቤተይ ተስፋይ ኣምሃ ጉብረ መሴ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ምስጋና



ብምኽንያት ዕረፍቲ ክቡር ብዓል ቤተይ ተስፋዝጊ ወልደገርግሽ ቀለተ (ባሊላ) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝተመላለስኩም ከምኡ'ውን ድሕሪ ዕረፍቱ ኣብ ሕምብርቲ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስ፡ ብተለፎን ካብ ወሽጥን ወጻእን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ዓጺና ኣለና።

በ/ቤቱ ወ/ሮ ለቺያ ሃብተሚካኤል ብርሃ ምስ ደቃንን ምሉኣት ስድራቤቱን፡፡

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዚና ብልቢ. ፍቕራ ወላዲትናን ሓፍትናን ርግበን ብሎታ ኣለምሰገድ ደስታ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ኣብ ገዛናን ሕክምናን ዝተመላለስኩም፡ ካብ ግዜ ዕረፍታ ክሳብ መካነ መቓብር ጸጸራት ኣስመራ ብምኻድ ዘቃበርኩምና፡ ካብ ርሑቕን ቀረባን ናብ ገዛና ዝተመላለስኩምን ካብ ወሽጥን ወጻእን ተለፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ፡፡

ደቃን ምሉኣት ስድራቤታን

## ምልክታ ጨረታ

መደብ ወሀለኣን ንኣብ ለቓሕን (መውል)፣ ተጣሊኡ ንውራያት ዘገልግል ሕብራዊ ወረቓቕቲ ብጨረታ ኣውዲኡ ክሸጥ ስለዝደለየ፣ ሕጋውያን ተሻረትቲ ይዕድም።

. ተሻረትቲ ናይ 2024 ዝተሓደሰ ልቸንሳን ግብሪ ዝኸፈልሉ መረጋገጺ. ሰነድን የቕርቡ።

. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ን10 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጸባሒቱ ሰዓት 9:00 ቅ.ቀ ተሻረትቲ ወይ ወኪልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ማእከላይ ቤ/ጽሕፈት መውል ይኽፈት።

. ተዓዋቲ ጨረታ፡ ነቲ ዝተዓወተሉ ንብረት ኣብ ውሽጢ. 15 መዓልቲ ከልዕሎ ይግደድ።

. ቤ/ጽ/መውል ዝሓሸ ኣማራጺ. እንተረኺቡ ነቲ. ጨረታ ብከፊል ኮነ ብምሉኡ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ ኣዩ።

መደብ ወሀለኣን ን/ለቓሕን (መውል)

ኣድራሻ፡ ደምበ ሰምበል ሓምላይ ህንጻ (GREEN BUILDING BLOCK 'A' GROUND FLOOR)

ቴሌፎን፡ 151587/151596


ቤ/ት ኣልያንስ ፍራንሰዝ ርሑስ ሓድሽ ዓመት እናተመነየ ሰሩዕ ናይ ሓጋይ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንንኣሽቱን ንዓበይትን ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ካብ ዕለት 10 ጥሪ ክጅምር ምዃኑ ከበስር ይፈቱ። ምቅርራብ ንዓለምለኻዊ ዲፕሎማ (DELF) ተዳሊልኩም ኣሎ። ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ።

ብደሓን ምጹ ንዝያዳ ሓበሬታ ቁ.ስ 122605 / 115270

ኣድራሻና፣ ጎድኒ ቤ/ት ማይ ተሰፋ ጥቓ ዓሮባና ሬስቶራንት እዩ።

Alliance Française Asmara - Eritrea



ብስራት ንተማሃሮ ማእከላይ፡ ካልኣይን ላዕለዋይን ደረጃታት

Golden Integrated Algebra & Geometry

ስነ-ቁጽሪ ብዝቐለለ መገዲ ንኽንመልኽን ኣብ ክፍሊ ይኹን ኣብ ሃገራዊ መርመራታት ክንዕወት ዝሕግዛ መጻሕፍቲ።

ትሕዝቶ መጻሕፍቲ፦

➢ ኩሉ ዓይነት መግለጺ. ናይ ኣልጀብራን ጆሜትርን ዘጠቓለላ
➢ ልዕሊ. 700 ኣብነታት ምስ ኣሰራርሕኡ
➢ ልዕሊ. 1700 ሕቶታት ናይ ሃገራዊ መርመራ ዝመሳሰሉ ሕቶታት ምስ መልስታቶም







ቴሌፎን፡- 07114840

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሃገራዊ ውድድር ጉያ መሮር ጽባሕ ክካየድ እዩ




ሃገራዊ ውድድር ጉያ መሮር 2025፡ ጽባሕ ሰንበት ኣብ ዞባ ደቡብ - ከተማ መንደፈራ ከባቢ ዓዲ ሓሪ ክካየድ እዩ።

ኣብዚ ንመበል 26 ግዜኡ ዝሰላሰል ሃገራዊ ውድድር፡ መብዛሕትኦን ዞባታት ከምኡ'ውን ሚኒስተሪ ምክልኻል (ክሉብ ደንደን) ክሳተፉ ምዃኖም ተሓቢሩ። ብደረጃ ዞባን ኣትሌታትን ከኣ፡ መሳጢ ተወዳዳርነት ክርአ ትጽቢት ይግበር።

ምስ ደረጃ ዕድመ ወይ ካታጎሪ ኣብ ሽዱሽተ፡ ሸሞንተን 10ን ኪሎሜተር ተፈላልዩ ዝካየድ ጉያ መሮር፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዞባ ዓንሰባ ከተማ ከረን ምክያዱ ይዝከር። ኣብ ክልተኡ ጾታ ዓበይቲ ኣትሌታት ከኣ ኣትሌት ዞባ ደቡብ ዓወት ሃብቶምን ናይ ደንደን ኣትሌት የርዳኖስ ሃብተስላሴን ተዓዊቶም ነይሮም።

ኣብ ትሕቲ 18 ዓመት ኣትሌታት (ዩዝ ወይ ኮተቴ) ዞባ ደቡብ ብመገዲ ሓየሎም ተስፋስላሰ ወርቂ መዳልያ ምምጻኡ ይዝከር። ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ከኣ ናይ ዞባ ማእከል ኣትሌት ሚካል ገብረሚካኤል ተዓዊታ ነይራ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ትሕቲ 20 ዓመት ማእከሎት (ጁንየር) ደቂ ኣንስትዮ፡ ደቡብ እያ ብመገዲ ኣትሌት ቅዱሳን ተወልደ ጸበለል ኢላ። ኣትሌት ዞባ ማእከል የብል ዘርኢት ከኣ ተመሳሳሊ ደረጃ ሒዛ ነይራ።

ብሓፈሻ ማእከል ብኽልቲኡ ጾታ ኣብ ናይ ትሕቲ 18 ዓመት፡ ትሕቲ 20 ዓመት ከምኡ'ውን ኣብ ዓበይቲ ደቂ ተባዕትዮ ጉበለል ኮይና ነይራ። ደንደን ከኣ ኣብ ዓበይቲ ደቂ ኣንስትዮ ጸበለል ምዃኣ ይዝከር። ሎሚ ዓመት ከኣ ደጊሞም ዝውዳደሩ ዕዉታት ኣትሌታን ዞባታትን ክብሮም ንምዕቃብ ከቢድ ስራሕ ይጸበዮም።

## ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ቀጺሉ

### ማይ ተመናይ ንኣዱሊስ ኣሰኒፋታ

ብምኽንያት ግጥማት ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል ተቛሪጹ ዝጸንሐ ሻምፕዮን ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ዞባ ማእከል፡ ብቐድሚ ትማሊ ብሰለስተ ግጥማት ዳግማይ ናብ ውድድር ተመሊሱ።

ፈለማ ማይ ተመናይን ኣዱሊስን ተጻዊተን። ኣዱሊስ፡ ኣብ መበል 29 ደቒቕ ብመገዲ ኣቤል ዓንደማርያም መራሕነት ዘትሓዝት ሸቶ ረኺባ ነይራ። እንተኾነ፡ መራሕነታ ክንጾ ሽዱሽተ ደቓይቕ ኣይቀጸለትን። ማይ ተመናይ፡ ኣብ መበል 35 ደቒቕ ካብ ኤሾን የናስ፡ ኣብ መበል 36 ደቒቕ ከኣ ካብ ሴም መብራህቱ ሸቶታት ብምቕጻራ ንዕረፍቲ 2-ብ1 መራሓ ወጺኣ።

ኣብ ካልኣይ እብረ'ውን፡ ቀዳማ ሸቶ ዘመዝገበት ማይ ተመናይ ነይራ። ናህም



ሴም መብራህቱ

በራኺ ኣብ መበል 48 ደቒቕ ሸቶ ብምቕጻሩ፡ መራሕነታ ናብ 3-ብ1 ኣዕረጎዩ። መራሕነቶም ብቐለሉ ዘረከቡ ተጻወቲ ኣዱሊስ፡ ወጽኢት ንምቕያር ኣብ ዝተቓለሱሉ፡ ኣብ መበል 63 ደቒቕ ብመገዲ ኣቤል ዓንደማርያም ካልኣይቲ ሸቶ ረኺቦም። ኣብ ዝተረፈ ደቓይቕ እተመዓራርዮም ሸቶ ብዘይምርካቦም ግና፡ ማይ ተመናይ ናይ 3-ብ2 ዓወት ኣመዝጊባ። ሴም መብራህቱ ከኣ ናብዚ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

ዝሰዓበ ጸወታ፡ ገፊሕ ወጽኢት ዝተራእየሉ ኣብ መንጎ ደንደንን ሓይሊ ኣየርን ዝተኻየደ ነይሩ። ደንደን ድማ፡ ኑታ ጸቡቕ ተበገሳ ዝነበረት ሓይሊ ኣየር 9-ብ0 ኣሰኒፋታ። ሰለስተ ሸቶታት ዘመዝገበ ሴም ተከኤ ድማ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተጻዊዑ። ሴም፡ ዛጊት ሳልሳይ ግዜኡ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ ኣሎ።

እንተ ጸወታ ሰንበልን ናይ ዓሚ ሻምፕዮን ቀይሕ ባሕርን፡ እቲ እኹል ሸቶ ዘይተመዝገቦ ጸወታ ናይቲ ዕለት ነይሩ። ኣቤል ሰንበል ናትናኤል ተስፋማርያም ከኣ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ጸወታ ተሰይሙ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሰሉስ 31 ታሕሳስ ዘዋሪት ዋንጫ ክልተ ግጥማት ኣካይዱ ነይሩ። ምምሕዳር እኽሪያ ንምምሕዳር ሰንበል 4-ብ0፡ ኣልታሕረር ንጉዳይፍ 'ቢ' ብገፊሕ 10-ብ1 ብምስዓር ከኣ ናብ ዝቐጽል መድረኽ ሓሊፈን።



ሴም ተከኤ

## ማእከል - ንዕብየት ቅድድም ብሽክለታ ዝሕግዝ ዓውደ ዘተ ተቓኒዑ

"ወሀድ ወፍሪ ንዕብየት ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል" ብዝብል ቴማ፡ ብፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል



ዝተወደበ ዓውደ ዘተ፡ ትማሊ ዓርቢ ኣብ ኣዳራሽ ሃብሰኤ ተቓኒዑ።

ኣብቲ ናይ ምብህሃል መድረኽ፡ ኣካየድቲ እቲ ዞባ፡ ኣባላት ሃገራዊን ናይ ዞባ ማእከልን ፈደረሽን ቅድድም ብሽክለታ፡ ኣሰልጠንቲ፡ ኣባላት ሚኒስተሪ ትምህርቲ፡ ብሓፈሻ ሰድራ-ቤት እዚ ዓውዲ ተሳቲፎም ነይሮም።

ንኣስታት ሓሙሽተ ኣዋርሕ መጸናዕቲ ዝተጉበረሉ ድሕረ ባይታ ወይ ታሪኽ ቅድድም ብሽክለታ ናይ'ዚ ዞባ፡ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ



ተቐዳደምቲ ትሕተ ቅርጺ፡ ቴክኒክን ዳኘትን፡ ምሕደራን ፋይናንስን፡ ከምኡ'ውን ህዝባዊ ርክባትን መራኸቢታትን ዝብል ጽሑፋት ድማ፡ ብዝተፈላለዩ ወገናት ቀሪቡ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ መጸናዕታዊ ጽሑፍ ከኣ ርእይቶን ሓሳብን ካብ ተሳተፍቲ ተዋሂቡ።

ኣብዚ ኣወንታዊ ግብረ መልሲ ዝሃቦ ዓውደ ዘተ፡ ጠንቂ ዋሕዲ ተቐዳደምቲ ደቂ ኣንስትዮ፡ ዛጊት ፍታሕ ዘይተረኸቦ ብድሆታት - ገለ ካብኡ ዋሕዲ መቀያየሪ ኣቑሑ ብሽክለታ፡ ክፍታሕ ዝብል ለበዋታት ቀሪቡ። ብሓፈሻ ከኣ ንዕብየት እዚ ንኤርትራ ኣብ ዓለማዊ መድረኽ ዘፍልጣ ዘሎ ናይ ልዕሊ 90 ዓመታት ዕድመ ዘለዎ ዓውዲ ዝሕግዙ ሃጸጽቲ ሓሳባትን ርእይቶታትን ተዋሂቡ።

እዚ ዓውደ ዘተ፡ ወላ'ኳ ብስም ዞባ ማእከል እንተኾነ፡ ንዕብየት ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ዘማእከለ እዩ ክበሃል ይኽእል። ማእከል፡ ምስ ኩሉ ብልጫታቱ ኣብዚ እዋን ዝጻበዮ ምንጪ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ኮይኑ ብምህላዉ። ከምዚ ዓይነት ሃገራዊ ዓውደ ዘተ ብምግባር ከኣ፡ ኑተን ኣብ ሓደ ግዜ ንብዓል ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ ዳኒኤል ተኽለሃይማኖት፡ ተሰናም ዑቕባማርያምን ካልኦትን ዘፍረየት ዞባ ደቡብ ከምኡ'ውን ካልኦት ዞባታት ምብርባር ንሃገራዊ ጋንታ ዝያዳ መጉልበቶ ነይሩ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ መፋርቕ 2024 ንዝነበረት ፈደረሽን ተኪኣ ስርሓ ዝጀመረት ሓዳሽ ፈደረሽን እዚ ዞባ፡ ምስ መሻርኽቲ ኣካላት ብምዃን ነዚ መደብ ምስርዑ ክትምስገን ዘለዋ እዩ። ኣብ ዝቐጽል ገዕዛኣ ድማ፡ ወጽኢታዊ ስራሕ ክትዓምም ንትስፎ።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ሻምፕዮን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ**

ሰምባል - ሰገን 11፡30 ቅ.ቀ
ጉዳይፍ - ገጀረት 1፡30 ድ.ቀ
ዕዳጋ ሓሙስ - ደንደን 3፡30 ድ.ቀ

**ፕሪመር ሊግ**

ቶተንሃም - ኒውካስል 3፡30 ድ.ቀ
ቦርንማውዝ - ኤቨርተን 6፡00 ድ.ቀ
ኣስቶን ቪላ - ሌስተር ሲቲ 6፡00 ድ.ቀ
ክሪስታል ፓላስ - ቸልሲ 6፡00 ድ.ቀ
ሳውዝሃምፕተን - ብረንትፎርድ 6፡00 ድ.ቀ
ማን ሲቲ - ዌስት ሃም 6፡00 ድ.ቀ
ብራይተን - ኣርሰናል 8፡30 ድ.ቀ

**ሰሪኣ**

ፊዮረንቲና - ናፖሊ 8፡00 ድ.ቀ

**

**ጽባሕ**

ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ኣብ ስታድዩም ኣስመራ

ጉዳይፍ - ኣልታሕረር 1፡30 ድ.ቀ
ፓራዲዞ - ኣስመራ በራ 3፡30 ድ.ቀ
ኣቐዲመን ግና፡ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታታት ኢንሹራንስን ሓይሊ ኣየርን 11፡30 ቅ.ቀ ክጻወታ እየን

**ፕሪመር ሊግ**

ፉልሃም - ኢፕስዊች 5፡00 ድ.ቀ
ሊቨርፑል - ማን ዩናይትድ 7፡30 ድ.ቀ

## ራሽፎርድ፡ ካብ ስዑዳውያን ክለባት ዝቐረበሉ ጠለብ ነጺጉ

ሊድያ በረኸት

ኣጥቃዓይ ማንቸስተር ዩናይትድ ማርከስ ራሽፎርድ፡ ካብ ስዑዳውያን ክለባት ዝመጽኦ ሰለስተ ጠለባት ነጺጉ።

ኣብዚ ሓዳስ ዓመት ንሓድሽ ሂወት ድሌቱ ከምዝሎ ዝሓበረ እዚ ወዲ 27 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ካብ ዓበይቲ ሊጋት ኤውሮጳ ናይ ምውጻእ መደብ ከምዘይብሉ ብወግዒ ሓቢሩ እዩ። ዝያዱ ናብ ባርሴሎና ናይ ምጽንባር ሕልሚ ከምዘለዎ እውን'ዩ ዝነገር። ይኹን እምበር እታ ክሉብ ምስ ዘለዋ ፋይናንስያዊ ጸገማት ንጠለቡ ክተማልእ ከምዘይትኽእል ገለ ወገናት ይገልጹ። ናይ ቱርካዊት ክሉብ ጸወዒት'ውን ከም ዝጸገ ዝሕበር ራሽፎርድ፡ ንሓድሽ ኣሰልጣኒ እንግሊዝ ቶማስ ቱቸል ብምምሳጥ፡ ዳግማይ ንሃገራዊት ጋንታኡ እንግሊዝ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ክጻወተላ ዓሊሙ ምህላዉ ይግለጽ።

ራሽፎርድ ነዚ ኣመልኪቱ፡ "ንሓድሽ ምዕራፍን ለውጥን ድሉው ኣለኹ። እንተኾነ ብዛዕባ ዩናይትድ፡ ካባይ ዝኾነ ኣሉታዊ ርእይቶታት ከይትጸበዩ።" ኢሉ ነይሩ።

እዚ ንኽፉኖ ርያኡ ኣብ ምጥቕላል ዝርከብ እንግሊዛዊ፡ ምስ ማን ዩናይትድ ካብ ወዲ ሸውዓተ ዓመት ከም ዝተጸንበረ ይፍለጥ። ይኹን እምበር ድሕሪ ናይ 20 ዓመታት ተመክሮ፡ ኣብ ዝሓለፈ ግጥማት ዘርኣዮ ድኹም ብቕዓትን ኣብ ውልቃዊ ባህርያቱ ዘንጸባረቖ ዘይስነምግባራዊ ኣካይዳን፡ ንሓዳሽ ዓለማዪኡ ሩበን ኣሞሪም ከምዘይመሰጦ ይገልጹ። በዚ ከኣ እዚ ዓለማዊ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ካብቲ ክሉብ ኣልይዎ ምንባሩ ይፍለጥ። ርክቦም ሕማቕ ምህላዉ'ውን ይንገር።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣሞሪም፡ ራሽፎርድ ኣብዚ ወርሒ ተኸፊቱ ኣብ ዘሎ መስኮት ምስግጋር፡ ናብ ዝመረጾ ክኸይድ ማዕጾ ርሒዉ ምዃኑ ሓቢሩ ምህላዉ ይንገር። ኣሞሪም፡ ራሽፎርድ፡ ጽባሕ ምስ ሊቨርፑል ኣብ ዘካይድዎ ግጥም ብሰንኪ ሕማም ከምዘይሰለፍ'ውን ሓቢሩ።

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ህንዲን ፓኪስታንን፡ ኒኩለሳዊ ሰነዳት ክለዋወጣ ጀሚረን



ህንዲን ፓኪስታንን፡ ቅድሚ 30 ዓመታት ብመሰረት ዝኸተምኦ ስምምዕ ንኒክለሰዊ መሳለጥያታተን ዝምልከት ሓበሬታ ክለዋወጣ ከምዝጀመራ ገለጻን።

እተን ሃገራት፡ በቲ ኣብ 1988 ዝተበጽሐ ስምምዕ ኣብዚ ንኣትዋ ዘለና ዓመት ንመበል 34 ግዜአን ኒኩለሳዊ ሰነዳት ይለዋወጣ ከምዝለዋ እዩ ተገሊጹ።

ብመሰረት እቲ ኣብ መንጎ ህንዲን ፓኪስታንን ዝተኸተመ ስምምዕ እተን ሃገራት ኣብ ዝኾነ ኩነት፡ ኣብቲ ካልኣይቲ ሃገር ንዝተደኮነ ኒኩለሳዊ መደበራትን መሳለጥያታትን መጥቃዕቲ ከይፍጽማ ዝኽልክል እዩ።

ህንዲን ፓኪስታንን ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ነፍሲ-ወከፈን ክሳብ 170 ዝበጽሕ ኒኩለሳዊ ብምባታት ከምዘወነ እዩ ዝሕበር።

እተን ጎረባብቲ ዝኾና ሃገራት፡ ኣብ 1947 ካብ ብሪጣንያ ናጽነተን ካብ ዝረኸባ ንደሓር፡ ብሸሽኪ ዶባዊ ምስሕሓብ፡ ብተደጋጋሚ ናብ ውግእ ከምዝምረሓ'ዩ ዝግለጽ።

ክልቲአን ወሰንቲ ኑክሊር ዝኾና ሃገራት፡ ብሸሽኪ ዶባዊ ዘይምርድዳእን ጉዳይ ዋንነት ዞባ ካሽሚርን ኣብ ቀጻሊ ምትፍናን ደርከበ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ 2019፡ ኣብ ዞባ ካሽሚር ብዝተኸስተ ሽበራዊ መጥቃዕቲ 40 ህንዳውያን ወተሃደራት ድሕሪ ምቕታሎም፡ ምስሕሓብ ክልቲአን ሃገራት መሊሱ ክብእስ ከምዝተራእየን ናብ ዝኸፍአ ኩናት ከይኣትዋ ተሰጊኡ ምንባሩን ጸብጻባት የጽንዑ።

መንግስቲ ህንዲ፡ እቶም ሸበራውያን ምስ መንግስቲ ፓኪስታን ምትሕሓዝ ኣለዎም ብምባል፡ ኣብቲ ሽዑ እዋን ኣብ ከተማ ባላኮት-ፓኪስታን፡ ናይ መልሰ-ግብሪ መጥቃዕቲ ከምዝፈጸመ ዝዝከር እዩ።

## ማዕከን ዜና ‘ኣልጀዚራ’ ብሰብ-መዚ ፍልስጤም ትእገድ

ማዕከን ዜና ‘ኣልጀዚራ’፡ ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ከይትሰራሕ፡ ሰብ-መዚ ርእሰ ምምሕዳር ፍልስጤም ከምዘእገድዋ ተሓቢሩ።

እታ ኣብ ቀጠር ዝመደበራ ማዕከን ዜና፡ ብዘዕባ'ቲ ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ዝርከብ መዕቆቢ ተመዛበልቲ ‘ጀኒን’ - ዝተፈጥረ ግጭት፡ ንተዓዘብቲ ብዘደናግር፡ ሓቅታት ዘይብሉ ተንቀሳቐሲ ስእልታት ዘርጊሓ ብምባል'ዩ፡ እቶም ሰብ-መዚ ኑቲ ስጉምቲ ወሲዶሞ።

እንተኾነ፡ እዚ ብሰብ-መዚ ፍልስጤም ተዋሂቡ ዘሎ ውሳነ፡ ማዕከን ዜና ‘ኣልጀዚራ’ ኣብቲ ብሓማስ ዝመሓደር ወሽመጥ ቓዛ ስርሓ ክተሰላሰል ከምዘይዕግታ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

መዕቆቢ ተመዛበልቲ ‘ጀኒን’፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ካብ ቤቶም ንዝተመዛበሉ፡ ካብ 11 ክሳብ 22 ሽሕ ዝበጽሑ ፍልስጤማውያን ኣዕቍቡ ከምዝርከብ እዩ ዝሕበር። ርእሰ-ምምሕዳር ፍልስጤም፡ ኣልጀዚራ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብዚ ቕንያት'ዚ ኣብ መዕቆቢ ስደተኛታት ህይወት 11 ሰባት ዘጥፈአ ስርሒት ርእሰ-ምምሕዳር ፍልስጤም ዘመሓላለፈቶ ወረ ዘይሚዛናዊ ምኻኑ'ዩ ዝገልጽ። በዚ ድማ፡ ቤት ጽሕፈት ናይቲ ማዕከን ዜና ክዕጾ ከምዝወሰነ የፍልጥ።




ምንቅስቓስ ሓማስ ብወገኑ፡ ሰብ-መዚ ፍልስጤም ኣንጻር ኣልጀዚራ ዝሃብዎ ውሳነ ዳግመ ግምት ክገብሩሉ እዩ ዝጸውዕ ዘሎ።

ነቲ ስጉምቲ ብትሪ ዝኾነኖት ‘ኣልጀዚራ’፡ ሰብ-መዚ ፍልስጤም ዝሃብዎ ውሳነ ክስሕብዎ ጸዊዓ።

መንግስቲ እስራኤል ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት፡ ‘ኣልጀዚራ’፡ ምስ ምንቅስቓስ ሓማስ ጥቡቕ ርክብ ኣለዋ ብምባል፡ ነታ ማዕከን ኣብ ሃገሩ ከይትሰራሕ ምእጋዱ ዝዝከር እዩ።

## ኬንያ - 500 ኪ.ግ ዝምዝን ሓጺን ካብ ህዋ ወዲቑ ተባሂሉ

ኣብ ደቡባዊ ክፋል ኬንያ፡ ኣስታት 500 ኪ.ግ ዝምዝን ርሱን ሓጺን ካብ ህዋ ከምዝወደቐ ተሓቢሩ።

እዚ ገዚፍ ናይ ዓንኬል ቅርጺ ዘለዎ ሓጺን ኣብ መከክቱ ዝተባህለት ዓዲ ምውዳቑን ፍንጭልጫል ናይተን ናብ ህዋ ዝውንጨፋ ሮኬታት ክኸውን ከምዝኽእልን ዝሓበረ ትካል ህዋ ኬንያ፡ ንምልላዩ መጽናዕታት የካይድ ከምዘሎ እዩ ኣረዲኡ።

እንተኾነ እቲ ኣስታት 2.5 ሜትሮ ዝሰንጠቐ ዓንኬል፡ ኣብ ሰብ ይኹን ንብረት ዘውረዶ ዕንወት ከምዘየለ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

መብዛሕትኡ እዋን ናብ ህዋ ዝውንጨፋ ሮኬታት፡ ሰበርባሪቶም ናብ ምድሪ ቅድሚ ምውዳቖ ንኽቃጸሉ ዲዛይን ከምዝኾኑ፡ እንተዘይኪይዱ ድማ ሰብ ኣብ ዘይነብሮም ዓበይቲ ውቅያኖሳት ዓለም ክወድቁ ከምዝግበር እዩ ዝነገር።

እንተኾነ ግን ሳሕቲ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ኮይኖም፡ ሰብ ኣብ ዝነብሮ ከባቢታት ብምውዳቕ ዕንወት ከውርዱ ከምዝኽእሉ እዩ ተገሊጹ።

ኣብ ህዋ ኣሽሓት ኪ.ግ ዝምዝኑ ካብ ሮኬታት ዝተፈናጨሉ ሓጻውን ከምዘለዉ ዝጠቐሰ ትካል ህዋ ኬንያ ብተወሳኺ፡ መዓስን ኣበይን ክወድቁ ከምዝኽእሉ ዛጊት ርግጸኛ ኮይንካ ክዝረብ ከምዘይከኣል እዩ ኣረዲኡ።



## ጋና- ሓደጋ ባርዕ-ሓዊ ከቢድ ዕንወት ኣውሪዱ


ኣብ ኣክራ-ርእሰ-ከተማ ጋና፡ ኣብ ዕዳጋ ብዝተኸስተ ሓደጋ ባርዕ ሓዊ፡ ከቢድ ንዋታዊ ዕንወት ከምዘወረደ ይሕበር ኣሎ።

በቲ ናይ ሓራጅ ክዳውንቲ ኣብ ዝሸየጠሉ ከባቢ ዝተኸስተ ባርዕ፡ ኣብ ሰብ ዘወረደ ጉድኣት እኳ እንተዘይሃለወ፡ ኣብቲ ከባቢ ዝርከብ ልዕሊ ሚእቲ ትካላት ግን ምሉእ ንብረተን ከምዝተሃሞኸ እዩ ተገሊጹ።

ሰብ-መዚ መጥፋእቲ ሓዊ ጋና፡ ነቲ ሓደጋ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ንምውዓል ኣገልግሎት ኤሌትሪክ እታ ከተማ ከምዝጠፍአ እኳ እንተገበሩ፡ እቲ ባርዕ ግን ኣብ ሓጺር እዋን ናብ ሰፊሕ ቦታታት ልሒሙ ዕንወት ከምዘውረደ እዩም ጸብጻባት ሓቢሮም።

ጠንቂ ናይ'ቲ ሓደጋ ዛጊት ብንጹር ከምዘይተፈልጠ ዝሓበረ መንግስቲ ጋና፡ ንምፍላጡ መርመራታት ክካየድ ጀሚሩ ከምዘሎ እዩ ኣረዲኡ።

እቲ ድሕሪ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ዝኣተወ ባርዕ ሓዊ፡ ብሚልዮናት ዝግመት ቁጠባዊ ክሳራ ከምዘውረደ እዩ ዝሕበር ዘሎ።



## ብሪጣንያ -166 ሚልዮን ዝዕድመኡ ኣሰር ኣጻብዕ ዳይናሶር ተረኺቡ

ኣብ ብሪጣንያ፡ ልዕሊ 166 ሚልዮን ዕድመ ዘለዎ ኣሰር ኣጻብዕ ናይ ዳይናሶር ከምእተረኽበ፡ ክኢላታት ስነ-ኸዕታ'ታ ሃገር ሓቢሮም።

እቲ ኣስታት 200 ዝበጽሐ ኣሰር ኣጻብዕ፡ ናይቶም ቅድሚ ሚልዮናት ዓመታት ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ክልተ ‘ሰትዮሳረስን’ ‘ሚጋሎሳረስን’ ዝተባህሉ ዓሌታት ዳይናሶር ምዃኑ'ዩም እቶም ክኢላታት ዝሕብሩ ዘለው።

እዚ ሕጂ ብክኢላታት ብሪጣንያ ተረኺቡ ዘሎ ኣሰር ኣጻብዕ፡ ብዓቕሙ ኣብ መላእ ዓለም ኣቐዲሞም ካብ ዝተበርበሩ ርኽበታት እቲ ዝዓበየ ክኸውን ከምዝኽእል እዮም ጸብጻባት ዘጽንዑ።

ክኢላ ስነ-ኩዕታ ብሪጣንያዊ ጋሪ ጆንሶን ንመጽናዕቲ ናብቲ ቦታ ኣብ ዝተንቀሳቐሰሉ እዋን፡ ነቲ ኣሰር፡ ኩምራ ሓመድ መሲልዎ ክኹዕቶ ከምዝጀመረ፡ እንተኾነ ግን ኣብ ነፍሲ-ወከፉ ናይ 3 ሜትሮ ርሕቀት ተመሳሳሊ ተርእዮ ምስ ኣጋጠሞ፡ ነቲ ኣሰር ኣጻብዕ ከለልዮ ከምዝኸኣለን ካልኦት ክኢላታት ከምዝጸውዐን እዩ ኣፍሊጡ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ተስፋ | 04/01/2024 | ጎደና ዓሊቴና መረብ 716 ቁ.14፡ ቀሓውታ | 186839 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565